# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.303 ሓሙስ 20 ነሓሰ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
“ናይ ድሕረት ብልጫ”


ገጽ 4
ድሕሪ ውድቀት ብልጽግና

ገጽ 5
ውሕስነት ሃገር ብኸመይ፡


ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 9

ወለዲ፡ ምስጢር ዓወት ተማሃሮ ደቆም’ዮም!

## ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ዘተኰረ ጕስጓስ ኣካዪዱ



ስእሊ ሮቤል መረስዕ



ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል፡ ንመራሕቲ ዓበይቲ መካይን ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ዘተኰረ ጕስጓስ ኣካዪዱ።

ኣብ’ቲ ብ14ን 18ን ነሓሰ ንልዕሊ 300 መራሕቲ ኣገልግሎት ህዝባዊ መጐዓዝያ ከተማ ኣስመራን ኩባንያ ትራንስ-ሆርንን ዝተኻየደ ኣስተምህሮኣዊ ጕስጓስ፡ ሓላፊ መርመራ ሓደጋታት ኣቶ ኢሳይያስ ብርሃነን ሓላፊ ምቁጽጻርን መቕጻዕትን ኣቶ ኢሳቕ ያቆብን፡ ሕግታት ትራፊክ ምጥሓስ ብዘይካ’ቲ ኣብ ህይወትን ንብረትን ዘውርዶ ጉድኣት፡ ዝፈጥሮ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ብቐሊል ከምዘይጥመት ብምጥቃስ፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ዕቱባት ክኾኑ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ 2026 ብሰንኪ ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክ ልዕሊ 1,327 ሓደጋታት ከምዘስዓበ ብምጥቃስ፡ ብሰንኩ 28 ሰባት ህይወቶም ክስእኑ ክለዉ፡ 356 ከቢድን ቀሊልን ኣካላዊ ጉድኣት ከምዘወረዶም፡ ኣብ ንብረት ድማ ልዕሊ 10 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከምዘስዓበ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ቀንዲ ጠንቂታት ሓደጋታት፡ ምልክታት ትራፊክ ዘይምኽባር፡ ርሕቀትካ ዘይምሕላው፡ መስተ ሰቲኻ ምምራሕ፡ ክቱር ናህሪ፡ ቀዳምነት ዘይምሃብን ካልእን ከምዝጠቓልል ብዝርዝር ኣብሪሆም።

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃብተ ጉብሩ ብወገኑ፡ ሳዕቤናት ጥሕሰት ሕጊ ንምግታእን ንምቁጽጻርን ቀጻሊ ጎስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ከምዝካየድ ብምጥቃስ፡ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ንዘውሃቦም ሓበሬታ ኣብ ተግባር ንምውዓልን ሓደጋታት ንምጉዳልን ብሓላፍነት ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ድሕነት ነፍሶምን ኣከባቢኦምን ኣተኩሩ ዘውሃብ ኣስተምህሮኣዊ ጎስጓሳት ቀጻልነት ክህልዎ ብምዝኽኻር፡ ጸዕቂ ምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ኣብ ዘለዎ ከባቢ ዝግደፉ ሽቓጦ ስጉምቲ ክውሰደሎም፣ ከምኡ’ውን ንኢጋርን ተጠቀምቲ ብሽክለታን ተመሳሳሊ ጎስጓስ ክካየድ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

## ዓንሰባ - ቅነ መንእሰያት፡ ኣብ ምዕቃብ ባህላዊ ክብርታት ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ተገሊጹ

ቅነ መንእሰያት፡ ኣብ ምዕቃብ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ዓቢ ግደ ስለዘለዎ ብዘለዓለ ክሰራሓሉ ከምዝግባእ፡ ብ18 ነሓሰ ኣብ ሓሊብ-መንተል - ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ተገሊጹ።

እቲ ብቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ተወዲቡ ብመንእሰያትን ሕብረተሰብን ዝተዳለወ ቅነ፡ ኣብ ብሄረ ብሊን ብምትኳር፡ ያታዊ ድኰና ኣባይትን ኣኩዳድና መርዓውቲን፣ ያታዊ መሳርሒታት፣ ባህላዊ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት፣ ከምኡ’ውን ንተራን ቦታን መንእሰያት ኣብ ሕብረተሰብ ዘላሊ ትሕዝቶታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዘበርከቱ ድሕሪ ምምስጋን፡ እቲ ዕላማ - ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ወሪድካ ውዳበታት መንእሰያት ብምሕያል፡ ባህሎምን ክብርታቶምን ንኽፈልጡን ንኽዕቅቡን ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ወ/ሮ ዓሻ ዓሊኖር ብወገና፡ እቲ ቅነ ንምስግጋር ባህላዊ ውርሻታት ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጻ።

ወኪል ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ኩብሮም ንርኣዮን ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ምሉእ ተስፋማርያምን



ብግደኦም፡ ባህልናን ክብርታትናን መሰረት ሃገራዊ መንነትና ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ከም’ዚ ዝበለ ኣጋጣሚታት - መንእሰያት ባህሎምን ክብርታቶምን ብዕምቈት ንኽፈልጡን ንኽዕቅቡን ሓጋዚ ምዃኑ ገሊጾም።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ቅነ መንእሰያት - ካብ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለያ ምምሕዳራት ከባቢ ክካየድ ምጽንሑ፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የገድስ።

## ጊንዳዕ - ቱሪዝማዊ ጸጋታትና ብዝግባእ ክዕቀብ፡ በጻሕቲ ተማሕጺኖም

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ዝርከብ ባህርያዊ ፈልፋሊ ማይ-ውዑይ፡ ኣብ ምድንፋዕ ዘቤታዊ ቱሪዝምን ምንጪ ቁጠባዊ እቶትን ዘይነዓቕ ኣበርክቶ ስለዘለዎ ግቡእ ኣተሓሕዛን ምክትታልን ክግበረሉ፡ ካብ ውሽጢ ሃገርናን ወጻእን ዝመጽኡ በጻሕቲ ተማሕጺኖም።

ንሳቶም ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዓመታዊ ኣብ ወርሓት ሓምለን ነሓሰን ኣሸሓት በጻሕቲ ዘእንግድ፡ ኣብ ፍወሳ ሕማማት ቊርበት፡ ምጭብባጥ ጭዋዳታትን መትንታትን ርኡይ ለውጢ ዝርከቦ ዘሎ ባህሪያዊ ጸጋ፡ ግቡእ ትሕተ-ቅርጺ ምስ ዝስራሓሉ ዓቢ ምንጪ ዘቤታዊ ቱሪዝም ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጾም።

ኣመሓዳሪ ሓውሲ ከተማ ጋሕቴላይ ኣቶ ዘርእሰናይ ጋይም ምስ በጻሕቲ ኣብ ዝገበሮ ርኽብ፡ እቲ ቦታ መዓልታዊ ልዕሊ ሚእቲ ኣጋይሽ ከምዘእንግድ ብምጥቃስ፡ ጽሬቱ ንምዕቃብ ዕቱብ ምክትታል ከምዝካየድ፣ ከምኡ’ውን እኹልን ጽፋፍን ቀረብት ንምድላው ምስ ጨንፈር ቱሪዝም ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ምርድዳእ ከምዝርከቡ ሓቢሩ።

ሓላፊ መደበር ጥዕና ጋሕቴላይ ነርስ ጃምዕ ማሕሙድ ብግደኡ፡ ጽሬት ከባቢኦም ብግቡእ ክሕልዉን ካብ ሕማማት ጥንቃቐ ክዘውትሩን ምዒዱ።

ማይ ውዑይ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ካብ ዝርከብ ባህርያዊ ፈልፋሊ ማያት ዝርከቦ ከባቢታት ኣክዋር፡ ፈሻሽ፡ ሰባር-ጉማን ኣልዓሳን ኮይኑ፡ ካብ ሓውሲ ከተማ ጋሕቴላይ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ 3 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ይርከብ።

# መግለጺ ብምኽንያት ዓለማዊ መዓልቲ ሰብኣውነት

ናይ ሎሚ ዓመት 19 ነሓሰ ዓለማዊ መዓልቲ ሰብኣውነት፡ "ሰብኣውነት ብስራሕን ተሳትፎ ህዝብን ኒሐይል!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ተዘኪሩ። ሰብኣውነት፡ ሰባት ንሕድሕዶም ዘዘውትሩዎ ምትሕልላይ፡ ምክብባር፡ ምትሕግጋዝ፡ ምድግጋፍ፡ ርህራህን ሰላምን ማእከል ዝገብሩ ባህርያትን ተግባራትን ዝሓቑፈ እዩ። ብኣንጻሩ ዝተጠቕሰ ባህርያትን ተግባራትን ኣብ ብዙሕ ክፋላት ዓለምና ዝርከብ ህዝቢ፡ ሰብኣዊ ክብሩ ተቐንጢጡ ብባህርያውን ሰብ ሰርሖን ሓደጋታት ዝተደረኹ ዝተፈላለዩ ጸገማት ተቓሊዑ ይርከብ። ከም ደርቂ ባርዕ ሓዊ፡ ዕልቕልቕ፡ ጎኽዒ፡ ዓመጽ፡ ዝምታ፡ ኩናትን ቅትለትን ድማ ቀንዲ ዛዕባ ኣህጉራዊ ዜናታት ኮይኖም ኣለዉ።

ዓለምና እትወዓዮ ባህርያዊ ጸገታት፡ ኣኺሉ ዝተርፍ፡ ስለዚ ድማ ንመላእ ህዝቢ ዓለም ብዘላቕን ምዕሩይ ዝርገሐን ሰላምን ሰኒትን ክንብር ዘኽእል እዩ። እንተኾነ፡ ምግቢትን ምኽዕባት ውልቃዊ ሃብቲን ዝሕርያኦም ውሑዳት ሓያላን ንዘዘዉሑ ጸጋታት ናይ'ዛ መሬት ወኒኖም፡ ኣመሓደርቲ ናይ'ዚ ብሰንኪ ዝምብዕ ኣካይዳኦም ዝተኸሰተ ሰብኣዊ ቅልውላው ኮይኖም ይርከቡ።

ብተወሳኺ፡ ዝጠዘሉ ኣብ ዓለምና ዝበሩን ዃ'ውን ዝቐጽሉን ዘለዉ ሓድሕዳዊ ግጭታት፡ ጠንቆም ምጉዳል ሰብኣውነት እዩ። ንባህልኻ፡ ክብርታትካ፡ ሃይማኖትካ፡ መንነትካ፡ ወዘተ. ልዕሊ ካልኦት ዝቐጽር ኣተሓሳስባ ድማ፡ ነቲ ዝምብዕ ኣመለኻኽታ ዝያዳ ኑዱዲ ክውሰኸሉ ንዕዙብ ኣለና። ናትካ ጉዲፍካ ናይ ካልኦት ምቁማት፡ ሃብቲ እንዳምጽካ ንምዝራፍ ጉርብብቲ ህዝብታት ንሓድሕዶም ከም ዝናቆቱ ምግባር፡ ወዘተ፡ ኣንጻር ሰብኣውነት ዝቖንዐ ነውራም ኣተሓሳስባ ዝመንቀሊኡ ተግባር እዩ።

ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ሃብታም፡ መሰረት ሓድሕዳዊ ምክብባሩ ዝኾኑ ስልጡንን ዘሸርሸን ባህልን ታሪኽን እዩ ዘለዎ። ኣብ ወፅዩን ዝሓለፈ ኩነታት ብሽምረት ክብዓዝ ድማ፡ ዕጥቅን ስንቅን ኮይኑ፡ ናጽነቱ ከረጋግጽን ኣብ ህንጻት ሃገሩ ሓደ ልቢ ኮይኑ ክብዓዝን ዝበርኸት ተኣፊጊዎ ዝበረ ሰብኣዊ ክብሩ ክመልስ ኣኽኢሉዎ። ስለዚ ብዝዕባ መጻኢ ንምሕሳብ ንዘሓለፈ ምዝኻርን ንዓኡ ከም መንጠሪ ባይታ ምጥቃምን ከዘንጋዕ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ።

መንግስቲ ኤርትራ ሰብኣዊ ማእከት ህዝቡ ንምርግጋጽ፡ ኣብ መንነ ገጠርን ከተማን ንዘለዉ ፍልልያት ብምጽባብ፡ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ኣብ ዝለወ ሃልዩ፡ ብዘተኣማምዲ ምሉእ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከም ዝረኽብ ተረቢሒ። ሃገራዊ ጸጋታቱ ከም ዝኸውን ብደሞክራሲያዊ መንገዲ ኣመሓደርቲ መሬቱ ዕሉታዊ ንጥፈታቱ ብዘተረጋገጸ መንገዲ ክመርሕ ኣኽኢሉዎ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ብወኹ፡ ብመንግስቱን መሪሕ ውድብን እናተማእዘ፡ ኣብ'ዘን ብናጽነት ዝሓለፋን ዓመታት ኣብ'ዩም ርእሰ ምርኮሳ መሰረት ገይሮም ዝተሓንጸጹ መደባት ልምዓት ብንቕሓት፡ ልዑል ተሳትፎኦ ብምርግጋጽ፡ ከቢሉ ብምልዋጥ፡ መተባብርኡ ኣብ ምምሕያሽን ሃገሩ ኣብ ምህናጽን ይርከብ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዕሉታዊ ህይወቱ ዝጋጥሞዎ ጸገማት ክብደህን ክፈትሕን ዘኽእል ዓቕሚ ኣጥርዩ፡ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ ጸጋታት ብውሕሉል መንገዲ ናብ ረብሓኡ እናኣውዓለ፡ ሰብኣውን ማሕበራ ቁጠባውን ኩነታቱ ውሑስ ንምግባር ንቕድሚት ኣብ ምኽኣል ይርከብ።

ንህዝቢ ብምድናጋርን ንረብሓኡ ትቃለስ ከም ዘለኻ ኣምሲልካ ዝግበር ውልቃውነት ዝሕመረቱ ህቀናን ሕሱር ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣንጻር ሰብኣዊ ክብሪ ዝኸይድ'ውን እዩ። ምኽንያቱ ልዕል ኢሉ ከም ዝተገልጸ ውጽኢት ምድንጋር፡ ግጭትን ዘይቅሳዕ መንገድን ኮይኑ ንሕብረተሰባት ኣብ ቅልውላው እዩ ዘእቱ። ብተወሳኺ፡ ማሰመር ዕብለላን ምግቢትን፡ ዕምሪ ዘለዎ ዘይምኻኑ ኩሉ ዝዋገዞ ሓቂ እኳ እንተኾነ፡ እዚ ዝንበዕ ማስመር ዘኸትሎ ዘሎ ዓለማዊ ነውጺ ቀሊል ኣይኮነን። ነዞም ዝተጠቕሱ ባህርያውን ሰብ ሰርሖን ሰብኣዊ ሽግራት ንምቅላስን ንምፍታሕን'ምባኣር፡ ኣብ ኩሎም መደባት ልምዓት፡ መኸተን ተሳትፎን ሓፋሽ ህዝቢ ብምሕያል፡ ሰብኣውነትና ክንዕቅብን ከሐይልን ከም ዝግባእ፡ 19 ነሓሰ መዓልቲ ሰብኣውነት ተዘኻኺርና።

ስለዚ፡ ከም ቀደምና ሓድሕዳዊ ምክብባርናን ምምልላእናን ዓቂብና፡ ንቕሓትና ክብ ኣቢልና፡ ሰብኣዊ ክብርታትና ንምሕላው፡ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ይግባእ። ዝኣዩም ድማ፡ መንግስቲ በብደረጃኡ ካብ ዓዲ ክሳብ ሃገራዊ ኣብ ዝዘርግሖ መደባት ልምዓት በብዓቕምና ብምስታፍ ጥራይ ኢና ከረጋግጾ እንኽእል። ምኽንያቱ ክብረት ብስራሕ እዩ ዝረጋገጽ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን

19 ነሓሰ 2026

## ዜና

# መደበር ፈልሲ ደቀምሓረ ኣብ መደባት ምግራብ ዝምስገን ኣስተዋጽኦ ትገብር



ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቀይሓን ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን እትርከብ መደበር ፈልሲ ደቀምሓረ፡ ኣብ መደባት ምግራብ ዝምስገን ኣስተዋጽኦ ትገብር ከምዘላ ተገሊጹ።

እታ መደበር ፈልሲ ሎሚ ዓመት ንዘሰላስል ንጥፈታት ምግራብ፡ ምስ'ቲ ከባቢ ዝሰማማዕ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ፈልስታት ከምዘዳለወት፡ ወኪል ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ኩብሮም ገረዝግሄር ሓቢሩ።

እቲ ፈልስታት፡ ድሮ ብህዝብን ወፋሮ ክረምታዊ ማእቶትን ክትከል ጀሚሩ ከምዘሎ፡ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲተከሌዛንን ኣስማጥን ተዋፊሮም ዝቐንዩ ተሳተፍቲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ዝተዋህቦም ዕማም ብግቡእ ከምዝተግበሩ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ሰልጠነ ጋይም ኣፍሊጡ።

እቶም ልዕሊ 750 ወፋሮ፡ ኣስታት 95 ኪሎ-ሜትር ዛላታት ከምዝሰርሑን ከምዝጸገኑን፣ ከምኡ'ውን ኣስታት 150 ሽሕ ጎዳጉዲ ከምዝዳለዉን እቲ ልዕሊ 100 ሽሕ ድሮ ፈልስታት ከምእተተኽለሉን ኣብሪሁ።

ብተመሳሳሊ፡ መደባት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣብ 6 ነቑጣታት ብጽቡቕ ከምእተተዛዘመ፡ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ መምህር ስሌማን መሓመድ ኢብራሂም ሓቢሩ።

ወፋሮ ኣብ መወዳእታ፡ ሓለዋን ቁጽጽርን ሃብቲ ገረብ ንሚኒስትሪ ሕርሻን ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ተራኡ ከሐይል ኣዘኻኺሮም።

ሎሚ ዓመት ንመበል 28 ዓመት ዝቐጸለ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ካብ 6 ሓምለ ክሳብ 15 ነሓሰ ከምእተሰላሰለ ዝፈለጥ'ዩ።

# ዓረዛ - ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣድማዒ ስራሕ ተዓሚሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ካብ 7 ሓምለ ክሳብ 15 ነሓሰ ብዝተኻየደ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣድማዒ ስራሕ ከምእተዓመ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ተስፋዝጊ ወልደገርግሽ ሓቢሩ።

ተመሃሮ ኣብ 8 ነቑጣታት ተዋፊሮም ብዘሰላሰልዎ ንጥፈታት ምግራብን ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ልዕሊ 21 ሽሕ ሜትሮ ቅናታዊ ዛላታት ክሰርሑ ከለዉ፡ ኣስታት 20 ሽሕ ፈልስታት ከምዝተኸሉ፡ ብተወሳኺ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ መምህር ተስፋዝጊ፡ ዓመት መጸ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዝቕጸ መደባት ምግራብን ምፍዋስ ማይ-ክዖታትን ዕላማኡ ንኽወቅዕ ኣድላዪ ክንክንን ሓለዋን ክግበረሉ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ መደበር ፈልሲ ማይ-ድማ ዝተዳለወ ፈልስታት፡ ብደረጃ ኮምን ውልቀ-ገረብትን ይትከል ከምዘሎ ዝሓበረ ሓላፊ ልምዓት ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን መንእሰይ ፍቓዱ ወልደየውሃንስ፡ ሎሚ ዓመት እቲ ኣተኩሮ ኣብ ሓደጋ ምጽናት ዘንጸላልዎም ዘሎ ማብቁላውያን ኣግራብ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ቴክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 15:35 | ፓኖራማ |
| 15:50 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 16:15 | መደብ ፍትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ፍትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፈያሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጹታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፊንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

# ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ወፈያታት ገይሮም

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ዜጋታት፡ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን ምንባይ ስድራ ስዉኣትን ወፈያታት ከምዝገበሩ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኤድመንተንን ከባቢኣን - ካናዳ 127,606 ናቕፋ፣ ኤርትራውያን ነበርቲ ሎጋን ከተማ ዩታ 3,440 ዶላር፣ ኤርትራውያን ነበርቲ ኮፐንሃገን - ዴንማርክ 75,579 ናቕፋ፣ ከምኡ'ውን ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኦረብሩ - ሽወደን 36,486 ናቕፋ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ወፍዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ብማሕበር "ሕልናዊ መኸተ" ዝፍለጡ ነበርቲ ጀርመን ዜጋታት 5,040 ዩሮ፣ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ዝቕመጡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ኮር 491 3,300 ዶላር፣ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ደቡብ ሽወደን 2,100 ዩሮ፣ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ዮሽክን ከባቢኣን - ኖርወይ 32,211 ናቕፋ፣ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኦሺክ - ሽወደን ድማ 26,300 ክሮነር፣ ኣብ ኣንጎላ ዝቕመጥ ዜጋ ድማ 7,800 ናቕፋ ንምንባይ ስድራ ስዉኣት ኣበርኪቶም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋይ ሓጎስ

## “ናይ ድሕረት ብልጫ”

ድሕረት ወይ ዘይምምዕባል ትብል ቃል፡ ትጽቢት ካብ ዝኸበረሉ ደረጃ ወይ ብቐዳት ስለቀ ኣልካ ምርካብ ዝብል ትርጉም ይወሃባ፡፡ ከንዲ ዝኾነ ከኣ ኣሉታዊ እምበር እወታዊ ሃገር ክህልዋ ትጽቢት ኣይግበረላን፡፡ ኣለክሳንደር ግረሾንክ ዝተባህለ ስቁጠበኛ ግን ካብ ድሕረት ዝርከብ ረብሓ ወይ ብልጫ ምህላው ዘመልክት ሓሳብ ዘቕረበ'ዩ፡፡ ነቲ ዘቕረቦ ሓሳብ ንምግላጽ ከኣ ‘ናይ ድሕረት ብልጫ’ ትብል ሓዳሽ ሓረግ ኣብ 1960 ቃልዩ፡፡ ግረሾንክ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ካብተን ዝማዕበላ ዝሓሸ ብልጫ ከምዘለወን ይምጉት፡፡ እተን ዘቕረበን ነጥብታት ድማ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ሓደሽ ተክኖሎጂ፡ ኣገባብ ምፍራይን ሜላታት ምሕደራን ቀልጢፈን ክርዕማ ከምኡ'ውን እቲ ምስኡ ዝተሓሓዝ ስግኣት ትሑት ምዃኑ ዘመልክታ እየን፡፡ እዘን ሃገራት ፍቱን ተክኖሎጅን ኣገባብን ብምርዓም ንፈተንን ጌጋታት ንምእራምን ካብ ዝግበር ወጻኢታት ናጻ ይኾናን ነተን ማሕዲኽለን ዝጸንሓ ሃገራት ከኣ ቀልጢፈን ክርክብን ይኽእላ ይብል፡፡ ብተወሳኺ፡ ሓንቲ ሃገር ብደረጃ ዓለም ግሉን ካብ ዝኾነ ተክኖሎጂ ኣዚዩ ዝረሓቐት እንተኾይና ካብኡ ናይ ምጥቃም ተኽእሎኣ ዝለዓለ ምዃኑ የመልክት፡፡ እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ከኣ ነቲ መረዳእታ ዘብርሃ እየን፡፡

1. **ምርምራዊ ፈተነ ንምክያድ ካብ ዘድሊ ወጻኢ ነጻ ምዃን፥**

ዝኾነት ሃገር ንዕኣ ዘድሊያ ንኣብነት ብዝፋ ይኹን ብዑዳዲ ትሰርሕ ሞተር፡ ዘመናዊ ኣገባብ መሰነዪ ኮምፕዩተር፡ ናይ ሰብሰርሓ ብልሂ ሞዴላት ኮታ ኣድማዕነቱ ዝተረጋገጸ ተክኖሎጂ ብምህላው ባዕላ ካብ ዜሮ ክትምህዝ ኣየድልያን እዩ፡፡ እዚ ድማ ምስኡ ካብ ዝተሓሓዝ ወጻኢታት ናጻ ይገብራ፡፡

2. **ናይ ልቓሕ ተክኖሎጂ ትሑት ናይ ምፍሻሉ ተኽእሎ ዘለዎ ምዃኑ፥**

ሓንቲ ሃገር ካብተን ብተክኖሎጂ ዝማዕበላ ዝበዝሓ ሃገራት (ምዕራባውን ገለ ሃገራት ኤስያን) ትልቅሖ ተክኖሎጂ ክፍጹ ከምዝኽእል ዝተማሰከረሉ ብምዃኑ ናይ ምፍሻሉ ተኽእሎ ትሑት'ዩ፡፡ እዚ ከኣ ነቲ ተክኖሎጂ ተለቂሓ ንኽትሰርሓሉ ትገብሮ ወጻኢ ኣድማዒ ይገብሮ፡፡ ንኣብነት፡ ሓዲን ንምጽራብ ዘድሊ ተክኖሎጂ ክትልቃሕ ትደሊ ሃገር ሓንቲ ሓዲን ትጽርብ ማሽን ብምዕዳግ ዕላማኣ ክትሃርም ትኽእል'ያ፡፡ እታ ማሽን ድማ ነቲ ዕማም ተባሂላ ዝተዳለወትን ዝተማስከረላን ስለዝኾነት ውን እቲ ናይ ምፍሻል ተኽእሎ ትሑት'ዩ፡፡

3. **ቅልጡፍ ተክኖሎጅያዊ ዕብየት ክትገብር ምኽኣል፥**

ትሑት ተክኖሎጅያዊ ደረጃ ዘለዋ ሃገር ነቲ ዝማዕበለ ዝበዝሐ ተክኖሎጂ ናይ ምርዓም ልዑል ተኽእሎ ኣለዋ፡፡ እዚ ዝኾነሉ ድማ እተን ኣብ ካልእ ዓይነት ተክኖሎጂ ጸብለልታ ዝጸንሓን ሃገራት ኣብቲ ዘለወን ተክኖሎጂ ግዙፍ ወፍሪ ስለዝፈጸማ ናብቲ ሓደሽ ተክኖሎጂ ንኽሰጋገራ ዘድልየን ወጻኢ ግዙፍ ስለዝኾነውን'ዩ፡፡ መጉዓዝያን መራኸቢታትን ከም ኣብነት እንተወሰድና እተን ኣቐዲመን ኣብ ዝበረ ተክኖሎጂ ብልጫ ዝጸንሐን ሃገራት፡ ነቲ ዝበረን ትሕተቅርጺ ምስቲ ሓደሽ ተክኖሎጂ ዝቃዶ ንኽገብርኦ ዘድልየን ወጻኢ ግዙፍ ስለዝኾነውን ኣብቲ ተክኖሎጅያዊ ለውጢ ማዕረ እተን ድሕረን ዝጸንሐ ክስጉማ ይጸግማ እየን፡፡ ቅልጣፈ ዝለወን ባቡራት ዝኾነውን መንገዲ ንኣብነት እተን ድሕረን ዝጸንሓ ሃገራት ብዝዝፍ ወጻኢ ዝኣለ መንገዲ ባቡር ዘይጀንሐን ሃገራት ስለዝኾና ቀልጢፈን ነቲ ሓደሽ ክርዕምኦ ኣይጸገማን፡፡ ኣብ 1990፡ ቻይና ናይ ፈጣናት ባቡር መስመር ኣይነበራን፡፡ ኣብ 2025 ግን 45 ሽሕ ኪሎሜተር ዝንውሓቱ መስመራት ክትሃንጽ በቒዓ፡፡ እዚ ካብ ዓለም ዝነውሐ ጥራይ ዘይኮነስ ኩሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ተደሚሩ ክንድኡ ኣይመጽእን'ዩ፡፡

ብኣጠቓላሊ፡ እዚ ናይ ድሕረት ብልጫ ዝበሃል ኣምር፡ ሃገራት ቀድሚኣን ቁጠባውን ተክኖሎጅያውን ኩነታት ዘመዝገባ ሃገራት ንዝደለብኦ ተሞክሮ ማለት ዝረጋገጸኦ ዓወትንን ዝጸረፈን ፍሽለትን ክመሃራሉ ካብ ዘለወን ዕድል ከምኡ'ውን ቅዱዋት ሰር ሰዲዱ ናይ ዝጸንሓ ተክኖሎጂ ካብ ምዃን ሓራ ስለዝኾናን ዝበገስ'ዩ፡፡ ከንዲ ዝኾነ ከኣ ዘይማዕበላ ሃገራት ነተን ብቑጠባን ተክኖሎጅን ማሕዲኽለን ዝጸንሓ ሃገራት ንኸርክበአን ወይ'ውን ንኽሓልፍአን ተኽእሎ ከምዘሎ የመልክት፡፡

ናይ ድሕረት ብልጫ ከም ቁጠባዊ ኣምር ሓያልን ጽልዋ ዝፈጠረ ክልሰሓሳባዊ መግለጺታት ዘቕረበሉን እዩ፡፡ ዝኾነ መረዳእታ ንምድኻም ዝቐርብ ምጉት የለን ማለት ግን ኣይኮነን፡፡ ሙብዛሕትኡ እዋን ካብ ዝቐርብ ናይ ኣንጻራዊ ምጉት ከኣ ንኽውንኑ ዘመልክት ግብራዊ መጽናዕቲ ስለዘይ ምዃኑ ብምጥቃስ'ዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ እዚ ኣምር ተግባራዊ ዝገብራ ሃገራት ኣለዋ እንተተባህለ ካብ ሓደ ወይ ክልተ ዘይበዝሕ ምዃነን ይዝረብ፡፡ ኣብዚ ክስትውዓሉ ዘለዎ ጉዳይ፡ ብዘሕ ናይተን ዝተጠቐምሉ ሃገራት ዘይኮነስ ዕምቈትን ተኽእሎን ናይቲ ኣምር እዩ፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዋ ሃገራት እተን ምዕቡላት ዝበሃላ'ውን ምእንቲ ርእሱ ሓደት እየን፡፡ ብተወሳኺ፡ በቲ ክሳዕዚ እዋን ዓቢላ ኮይኑ ዝጸንሐ ኣብ ናጻ ዕዳጋን ንግድን ዝተሰረተ ስብራላዊ ርእሰማልነት ዝምርሓ ሃገራትን ትካላትን ዝኣዘዙኦ ፖሊሲታት ማዕቢላ ትብሃል ሃገር ምርካብ ጋዶ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ተመክሮ ናይተን ንድሕረተን ከም ብልጫ ተጠቒመን ብተክኖሎጂ ዝሰስኣ ሃገራት ምድህሳስን መወከሲ ዝኾኑ ነጥብታት ምልላይን ኣገዳሲ'ዩ፡፡

ንዝበረን ድሕረት ከም ብልጫ ወሲደን ቁጠባውን ተክኖሎጅያውን ኩነታት ኣመዝጊበን ተባሂለን ብኣብነት ዝጥቀሳ ሃገራት ብዘይካ'ታ ፈለሚት ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ትብሃል እንግሊዝ፡ ከም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ጀርመንን ምጥቃስ ይከኣል'ዩ፡፡ እንተኾነ ሙብዛሕትኡ እዋን በዚ ኣብነት ዝግለጻ እተን ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ርኡይ ለውጢ ዘርኣያ ሃገራት እየን፡፡ እዚኣን ድማ ኣብ ኤስያ ዝርከብ ሃገራት ኮይነን ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያን ቻይናን እየን፡፡ ናይ ቻይና ተመክሮ፡ ብዮዜ ዝቐረበን ግና ማስርሑ ዘይወድኣን ብምዃኑ ድማ ተመክሮ ክቕስሞሉ ዝሓሸ ብምዃኑ ኣተኩሮ ናይዚ ጽሑፍ ኣብኡ ክኸውን'ዩ፡፡

ቻይና ንዝበራ ቁጠባውን ተክኖሎጅያውን ድሕረት ማጣበሲ ብምግባር ቅልጡፍ ኩነታት ከተርኢ ዝኸኣለት ሃገር'ያ፡፡ ብናይ ዓወትን ፍሽለትን ተኽእሎኡ ኣማታኢ ኣብ ዝኾነ ናይ ፈተኑመኣረምታን ምርምር ግዙፍ ገንዘብን ነዊሕ ግዜን ካብ ምብኻን ወዱእ ዝኾነ ተክኖሎጂታት፡ ፋብሪካታትን ኣገባባትን ናይ ሃብታማት ሃገራት ብምልቃሕ፡ ብምዕዳግን ብምቕዳሕን ቅልጡፍ ምዕባለ ክተርኢ ዝኸኣለት'ያ፡፡ እዚ ከኣ ነተን ሰጉመናላ ዝበራ ሃገራት ኣብ ዘመናት ዘይተሓስ ኣብ ሓደት ዕቑዳት ክተርክበን፡ ብገለ ሸነኽ ከኣ ክተሰግረአንን ክኢላ ትርከብ፡፡ ቻይና ናብዚ ደረጃ ንኽትበጽሕ ካብ ዝገበራ ገለ ነጥብታት ምጥቃስ ድማ ኣገዳሲ ይኸውን፡፡

ፈለማ፡ ብደረጃ ዓለም ዝተራእየ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለን ተክኖሎጅያዊ ኩነታትን ንትምህርታዊ ስርዓት ሃገራት ብቐጥታ ዝጸለወ ምዃኑ ምርዳእ ኣገዳሲ ነጥቢ'ዩ፡፡ ቁጠባዊ ቁመና ሃገራት ብጉልበት ሰብ ካብ ዝቆየድ ሕርሻ ናብ ማሽን ሰዓቡ ድማ ዲጂታዊ ናብ ዝኾነ ኣገባብ ምፍራይ ኣብ ዝተሰጋገረሉ፡ ቤት ትምህርቲ'ውን ንሓደት ኀይቶት ካብ ተገልግል ትካል ብዘተደረጀ ኣገባብ ንሓፋሽ ናብ ተንቅሕ፡ ተክእካውን ሞያውን ክእለት ተዕጥቕን ፍሉይ ክእለት ዝዓጠቐ ዓያዪ ጉልበት ተፍርን ትካል እያ ተሰጋጊራ፡፡ ዝ ንምርዳድ ድማ ምስ ኢንዱስትርያዊ ሰውራታት ተዛሚዱ ኣብ ስርዓት-ትምህርቲ ዝተራእየ ለውጢ ብሓጺሩ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ብፍላይ ድማ ናይ መስንዕ (ማኑፋክቸሪን) ምንጪ ተክኖሎጅያውን ተክኢካውን ለውጥን ብምዃኑ ነቲ ዝምድና ፍሉይ ይገብሮ፡፡

- **ቀዳማይ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ፥ ምምጻእ ናይ ሃፋ ጽዓትን መጓዓዝያን መሳርሒታት ብምጥቃም ዘጥፍኡ** ናይ ንዝበን ቁጽርን መጒኤታዊ ፍልጠት ዝዓጠቑ ግዜ ዘኽብር ሓፋሽ ጠለበ፡፡
- **ካልኣይ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ፥** ምዝርጋሕ መስመራት ኤለክትሪክን ብዝበዝሒ ምፍራይን ድማ ሞያውን ተክእካውን ስልጠና፡ ህዝባዊ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከምኡ'ውን ኣብ ቁጽሪ ንድፊን ዊናዊ ምሕደራ ዘተኩር ፍሉይ ኮርሳት ንኽተኣታቶ ደረኸ፡፡
- **ሳልሳይን ራብዓይን ኢንዱስትርያዊ ሰውራ፥** እዚ ሰውራ ዝጠልቦ ዕማማት ከም ቅመራ፡ ኣውቶማሽን ከምኡ'ውን ሰብሰርሓ ብልሂ (ሰሰብ) ብምዃኑ ኣደህቦ ናይ ትምህርቲ ዲጂታዊ ማይምነት ኣብ ምጥፋእ፡ ግድል ናይ ምፍታሕ ክእለት ምኽኣስ ከምኡ'ውን ኣብ ስፍልጠት፡ ተክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቁጽርን (ስተም) ዘተኩር ክኸውን ደረኸ፡፡

ናይ ቻይና ተመክሮ ድማ ካብዚ ዝተጠቐሰ ምትእስሳር ስርዓት-ትምህርትን ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ዝፍለ ኣይኮነን፡፡ ቻይና ስርዓት-ትምህርታ ኣብዚ እዋን ምስ ዘሎን ዝመጽእ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝቃዶ ንምግባሩ ቀጻሊ ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ትርከብ፡ እቲ ጻዕሪ ምኽኣስ ስርዓት-ትምህርቲ ንትግበሩ ዝሕግዝ መምርሒታትን መወከሲታትን ምድላው፡ ነቲ ስርዓት-ትምህርቲ ዝቐዕ ትሕተ-ቅርጽን ጸጋታትን ምድላውን ምጉልባትን ዝርከቦ ዝዚፍ ወፍርን ንጡፍ ተሳትፎ መምህራንን ዘለዎ ትልሚ'ዩ፡፡ እቲ ግሉሕን ቀንዲ ጻዕሪ ዝግበረሉን ድማ እቲ ስርዓት-ትምህርቲ ኣብ ስፍልጠት፡ ተክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቁጽርን ዘድሃበ ምምሃሩ'ዩ፡፡ እዚ ምቕናይ ከኣ ካብ መባእታ ክሳዕ ላዕለዋ ደረጃ ይዝርጋሕ፡፡ ኣብ መባእታ፡ ተማሃሮ ሓያል መሰረት ናይ ቁጽርን ስፍልጠትን ከምዝህልዎም ይግበር፡፡ ናይ ሰሰብ ትምህርቲ ካብ መባእታ ክሳዕ ካልኣይ ደረጃ ግድን ከምዝመሃር ምግባር፡፡ መምህራን ድማ ናይ ስተም ፍልጠትን ናይ ኣገባብ ኣመሃህራ ክእለትን ክህልዎም ግድን፡ ዝበለጸን ተመሪጹን ብምዃኑ ብኣተኩሮ ይዕየየሉ፡፡ እዚ ከኣ ቻይና ተክኖሎጂ ናይ ምርዓም ብቕዓትን ዘይሃጸፍ ምንጪ ክኢላዊ ጸጋታት ንኽህልዋን ዝገበረ'ዩ፡፡ ቻይና በጺሓቶ ዘላን ከም ትብጽሖ ርጉጽ ዝኾነ ተክኖሎጅያዊ ደረጃ ድማ ኣድማዕነት ናይቲ ኩሉ ጻዕሪ ዘመልክት'ዩ፡፡ እዚ እዋን ከኣ ነቲ ኣብ ታሪኽ ቻይና ብሕማቕ ዝዝከር “እቲ ዓቢ ዝላ ንቕድሚት” ዝብል ናይ ማእ ውጥን ዝድነበስ ክስተት ዝራኣየሉ ዘሎ'ዩ፡፡

ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት (ዋላ'ኳ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት የለዋን ዝብል ግምት ይቕልቀል እንተሃለወ) ካብ ናይ ቻይና ክመሃራ ይኽእላ ዶ፧ መልሲ ናይዛ ሕቶ ብዘይጥርጥር እወ ዝብል'ዩ፡፡ እቲ ምስጢር ድማ ቻይና ካብ ብሽክሊታ ከም ዐፍ ናብ ዝውንጨፉ ባቡራት፡ ካብ ናይ ሩዝ ሽዕበት ናብ ሮቦቲክስ ንኽተሰጋገረትሉ ገቲሩ ብዮዝቱ ምጽናዕን ዘድሊ ምህሮ ምውሳድን እዩ፡፡ ብናይ ስተም ትምህርቲ ኣብ ጺጋትብ ዝፈጠረቶ ዓቕሚ ሓደ ካብኡ'ዩ፡፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ከኣ ንዘለወን ድሕረት ናብ ብልጫ ንምቕያርን ምስ ምዕቡላት ሃገራት ንዘለወን ናይ ተክኖሎጂ ጋግ ንምጽባብን ብናይ ስተም ዓውዲ ጺጋትብን ክሰልጥና ግድን'ዩ፡፡ እቲ ጺጋትብ ከኣ ደሮ ማዕበሉ ዝሎ ተክኖሎጂ ንምኩምሳዕ ዝኽእል ዓቕሚ ከምዝውንን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዝምዕበል ሓደሽ ተክኖሎጂ'ውን ዝረጋገጽ ኮይኑ ክምልመል የድሊ፡፡ ናይ ጸላት ትምህርቲ ፍርያተን ምስ ናይ ኢንዱስትርያዊ ልምዓት ስትራተጃኣን ዝሳነ ክኸውን ይግባእ፡፡ እዚ ክዉን ንምግባር ድማ ተራ መምህራንን መማህራንን ኣገዳሲ'ዩ፡፡

ሃገርና ኤርትራ'ውን ከም ኩለን ኣብ ቁጠብን ተክኖሎጅን ድሕረን ዝርከብ ሃገራት ነቲ ድሕረት ናብ ብልጫ ናይ ምቕያር ርሒብ ተኽእሎ ከምዘለዋ ዘማትእ ኣይኮነን፡፡ እዚ ዘሎን ዝመጽእን ተክኖሎጂ ዝቕዕ ስርዓት-ትምህርቲ ኣብ ትሕዝቶ (ኮንተንት) ክንዲ ዘተኩር ማሕዙት (ክሬቲቪቲ) ዘተባብዕ ብተናጸል ኣብ ዝወሃብ ዓውደ ትምህርቲ ክንዲ ዘተኩር ኣብ ወሃዱ ናይ ስተም ዓውዲ ዘተኮረ ክኸውን ከምዘድሊ ይግለጽ፡፡ በዚ መንጸር ምሕሱብ ከኣ ናብቲ ዘድሊ ደረጃ ዘብጽሕ፡ ነቲ ገዕዞ ከኣ ዘቀላጥፍ'ዩ፡፡ መምህራን ከም ቀንዲ ደረኽቲ ናይዚ ማስርሕ ናይ ዓውድታት ስተም ድሕረባይታን ፍልጠትን ዘለዎም ክኾኑ የድሊ፡፡ ማዕረ ማዕረዚ ድማ ነቲ ክመሓለለፍ ዘድሊ ፍልጠት ብዮዝእ ንምስትግጋሩ ዘኽእል ክእለት ኣገባብ ኣመሃህራ ዝዓጠቑ ክኾኑ ኣለዎም፡፡ እዚ ከኣ ካብ መባእታ ክሳዕ ካልኣይ ደረጃ ንዘለዉ ተማሃሮ፡ ምስ ዓቕሞም ዝመጣጠን ኣገባብ ኣመሃህራ ክጥቀሙ፡ ተማሃሮ ናይ ምህናጽን ምምሃዘን ፍቕርን ባህግን ክህልዎም ዘኽእል ብሉሓት ዘዕጥቕ'ዩ፡፡ መሃንድስ ወይ'ውን ብምህንድስና ዝተመረቐ መምህር ክኸውን ከምዝይግባእ ዘመልክት ኣገላልጻን ኣረኣእያን ድማ ግጉይ ብምዃኑ ክዕረ ዘለዎ'ዩ፡፡ መሃንድስ እንተዘይምሂሩ ኸ እቲ ንኤርትራ ብተክኖሎጂ ሰልጥንቲ ብቑጠባኣ ከኣ ብልጽግቲ ናይ ምግባር ባህግና ይሰምር ዶ፧





# ሻባብ

ሃማመተኤ


## ሓሳባት

# ውሕስነት ሃገር ብኽመይ፧

መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ “ጽንዓትና ዋሕስና!” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኤርትራውያን ኣብ ዝርከብሉ ሃገራት ወጻኢን፡ ከም ወትሩ፡ ብዕዙዝ ሱታፌ ህዝቢ፡ ብልዑል ድምቀትን ማዕርግን ከም ዝተጸምበለ ይፍለጥ’ዩ።







“ጽንዓትና ዋሕስና!” ዝብል ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ፡ ንመግለጺ ውሩይ እንግሊዛዊ ናይ ስነ-ፍጥረት ተመራማሪ ቻርለስ ዳርዊን ዘዘኻኽር እዩ። ዳርዊን ንሕጊ ፍልቀት፡ “ብቑዕ ይሰርር - ድኹም ይጸንት” ክብል’ዩ ገሊጽዎ። ብኣገላልጻኡ፡ ዝኾነ ህይወታዊ ብብልጸቱ፡ ብብቕዓቱ፡ ተጻዋርነቱን ጽንዓቱን’ዩ ቀጻልነቱ ዘረጋግጽ።

ወዲ-ሰብ ኣእምሮ ስለዝተዓደሎ፡ ነዚ ባህርያዊ ሕጊ’ዚ ብመጠኑ ዝቕይር፡ ዝምድናታቱ ኣብ ሓልዮትን ምንብባርን ከም ዝምስረት ዝገብር፡ ማሕበራዊ ህይወት፡ ባህልን ክብርታትን ከማዕብል ክኢሉ እዩ። ይኹን’ምበር፡ እቲ ኣብ መንጎ ህዝብታትን ሃገራትን ዘሎ ውድድር ብዕምቈት ምስ እነስተንትኖ፡ ዝማዕበለ መልክዕ ናይዚ መሰረታዊ ሕጊ ተፈጥሮ እዩ። ብቑዕ ይሰርር - ድኹም ይጸንት።

ነዚ ኣብነት ዝኸውን፡ ኩልና እንፈልጦ ሓደ ጥቕሲ ክንጠቅስ። ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ክላቐቓ እንከለዋ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንስለ ጂኦ ፖለቲካዊ ረብሓታት ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ተባሂሉ፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ተነፊጉዎ እዩ። እቲ ተግባር ፍትሓዊ ከም ዘይነበረ፡ ኣብቲ ግዜ’ቲ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ፡ ጆን ፎስተር ዳላስ ዝተዛረቦ ቃላት ይምስክር።

“ብዓይኒ ፍትሒ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ስትራተጂያዊ ረብሓና ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ማእከላይ ምብራቕን ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን፡ እታ ሃገር ምስታ መሓዛና ኢትዮጵያ ክትቍረን ግድን ገይሩዎ ኣሎ”……

እዚ ቃላት’ዚ ዓለማዊ ዝምድናታት ኣብ ፍትሒ፡ ሞራልን ቅንዕናን ዘይኮነ ኣብ ቅልጽምን ረብሓታትን ከም ዝምርኮስ’ዩ ዘመልክት። ስለዚ ድማ፡ ንረብሓ ሓያላት ተባሂሉ፡ መሰል ድኹማት ከም ዝርገጽ ናይ ኤርትራ ታሪኽ ጭቡጥ መረዳእታ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ እዋን’ቲ ፖለቲካዊ ብቕዓቱን ጥምረቱን ድኹም ስለዝነበረ እዩ፡ ግዳይ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይፍትሓዊ ውሳነ ክኸውን ክኢሉ።

መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ እንዝክረሉ ቅንያት እምበኣር፡ ነቲ “ጽንዓትና ዋሕስና!” ዝብል ቴማና ብመንጽር ዝሓለፍናዮ ታሪኽ ክንርእዮን ከነስተንትኖን ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብመጠን ንድሕሪት ዝጠመትካዮ ኢኻ ንቕድሚት እትስጉም። ህዝቢን ሃገርን ከኣ፡ ሕሉፍ ተሞኩሮታቱ መወከሲ ከይገበረ ንቕድሚት ክስጉም ዘለዎ ተኽእሎ ድሩት’ዩ።

ብዙሕ እዋን፡ መሰረት ዓወት ፍትሓዊ ዕላማ’ዩ ይበሃል እዩ። ብርግጽ ፍትሓዊ ዕላማ ሓደ ረቛሒ ናይ ዓወት ክኸውን ይኽእል እዩ። ተዓዋትነት ናይ ዝኾነ ጉዳይ ፍትሓዊ ይኹን ዘይፍትሓዊ ዝውስኑ ግን ካልኦት ብዙሓት ረቛሒታት ኣለዉ። ፍትሓዊ ዕላማ ዘለዎ ጉዳይ፡ ብዝተፈላለየ ድኽመታት ክስዓር ይኽእል እዩ። ኣብ ታሪኽ ዓለምና ነዚ ሓቂ’ዚ ዘረጋግጽ ብዙሕ ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል እዩ። ብኣንጻሩ፡ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ፍትሒ ክዕወት ሳሕቲ ተኽእሎ ኣሎ። ነዚ ዘረጋግጽ ኣብነታት እውን ውሑድ ኣይኮነን።

ኣብ ሰውራ ኤርትራ፡ ተስፋ ዓወት ጭልምልም ዝበለሉን ናብ ደንደስ ስዕረት ምግምጋም ዝተራእየሉን ብዙሕ ጽንኩር መድረኻት ተሰጊሩ እዩ። ኣብ መመድረኹ ብቕዓትን ብልጸትን ዘዕቢ ተበግሶ እንተ ዘይውሰድ ነይሩ ከኣ፡ እቲ ታሪኽ ብስዕረት ምተደምደመ ወይ ካልእ ምኾነ። መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ብዘረጋገጾ ስነሓሳባዊን ፖለቲካዊን ብቕዓት፡ ከምኡ’ውን ነዚ ስነሓሳብ’ዚ ተኸቲሉ ብዘካየዶ ሓያል ስራሕ ግን፡ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ተደቒሱ እናተባህለ ክሰርርን ክሕይልን፡ ነቲ ብዓቢ ደረጃ ኣንጻሩ ዝነበረ ሚዛን ወተሃደራዊ ሓይሊ ቀይሩ ክዕወት ክኢሉ። መሰረት ዓወት ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ፍትሓዊ ዕላማ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት ዝሃነጾ ብቕዓት፣ ከምኡ’ውን ህዝብን ተጋዳላይን ዘርኣዮ ዘይክማህ ጽንዓትን እዩ።

“ጽንዓትና ዋሕስና!” ዝብል ቴማ እምበኣር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ንዝሓለፎ ጉዕዞ ብልክዕ ዘንጸባርቕ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ፍትሓዊ ዕላማኡ ከዐውት ዝኸኣለ ብዘገርም ጽንዓትን ስለ ዝተቓለሰ እዩ።

ኣብ ርእሲ ተሞኩሮ ሓርነታዊ ቃልስና፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናጽነት ዝሓለፈናዮ 35 ዓመታት እውን፡ ነዚ ሓቂ’ዚ ደጊሙ ኣድሚቑዎ ኣሎ። ዓለም ናይ ረብሓን ውድድርን መድረኽ ምዃና ካብ ተሞኩሮና ንላዕሊ ምስክር የለን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓለማዊ ኩነት፡ ሕብረተሰብ መሰረት ህላወኡን ቀጻልነቱን ካልእ ዘይኮነ…..ገዛእ ብቕዓቱን ጽንዓቱን እዩ። ብዘይካኡ ውሕስነት የብሉን። ብዘይ ብእኡ ኣብ መንደቕ ዘይብሉ ቀጽሪ ከም ምንባር እዩ። ምኽንያቱ ስንፍ ዝበለ ወይ ብቕዓት ዝጎደሎ ዘናሕስየሉ ወይ ደንጊጹ ዝንሕፎ የለን። ብርግጽ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ካብቲ ናይ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘይንእስ፡ ንብቕዓቱ ክፍትን፡ ንጽንዓቱ ከማህምን ዝተደናደነ፡ ብዙሕ ተጻብኦታት’ዩ ገጢሙዎ። እቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሱ ዘማዕበሎ ክብርታት፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ብልጸትን ጽንዓትን እንተዘይውንን ከኣ፡ ነዚ ከቢድ ተጻብኦታት’ዚ ሰጊሩ ዳግማይ ብኣንጸባራቒ ዓወት ክወጽእ ኣምበይ ምኸኣለን።

ነዚ ታሪኻዊ ሓቅታት’ዚ ምዝካርን ምስትንታንን ዘድለየ፡ ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ ንምንባር ኣይኮነን። ሕሉፍ ታሪኽ ምስትውዓሉ ዘድሊ ሓድሽ ታሪኽ ንምስራሕ ደራኺ ስለዝኾነ እዩ። ምኽንያቱ ሕብረተሰባት ወትሩ ኣብ ቃልሲ እዮም ዝነብሩ። ቃልሲ ንዝሓሸ መጻኢ ዘቋርጽ መስርሕ ኣይኮነን። ናይዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶን መጻእቲ ወለዶታትን ቃልሲ እንታይ’ዩ እንተድኣ ኢልና፡ ነቲ ብጽንዓት ዝተዋሕሰ ሃገር ሕጂ እውን ብኹሉ መዳይ ምድልዳሉ እዩ። ህልው ኩነታት ዓለምና ዝነግረና መልእኽቲ እንተሎ ንሱ እዩ።

ከምቲ መንእሰያት እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ብልዑል ስነኣእምሮኣዊ ብቕዓት፡ ነቲ ጽንኩር መድረኽ ዝበቐዑዎ፡ መንእሰያት ናይዚ ግዜ’ዚ እውን ከም ተረከብቲ ሃገር መጠን፡ ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ቀጻልነትን ሃገር፡ ንቑሓት፡ ብቑዓትን ብሉጻትን ክንከውን የድልየና። ነዚ ብልጸት’ዚ ንምውናን ድማ፡ ነቲ መሰረትናን ምስጢር ብልጸትናን ዝኾነ ሃገራዊ ክብርታትን መትከላትን ምኽታል የድሊ።

“ጽንዓትና ዋሕስና!” ክንብል እንከለና፡ ጽንዓት ሓደ ካብቶም ኀሊሖም ዝጥቀሱ ዓበይቲ ክብርታት ስለዝኾነ እምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ፡ ብዙሕ ወርቃዊ ክብርታት ክኹስኩስ ዝኸኣለ ህዝቢ እዩ። በዚ ክብርታት’ዚ ድማ፡ ኣብ መንጎ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ቀቢላ፡ ቋንቋ፡ ባህሊን ማሕበራዊ ቦታን ልዑል ስኒትን ጥምረትን ብምንዳቕ፡ ኩሎም ዜጋታት ከም ዕላማ ዝወሰድዎ፡ ዝኣምንሉ፡ ዝምርሕሉ፡ ዝከላኸልሉን ዝሰውኡሉን መትከላት ብምምዕባል፡ ብመንነቱ ዝሕበን፡ ኣብ ገዛእ ሰብኣዊ ዓቕሙ ልዑል ምትእምማን ዘለዎ፡ ብርቱዕ ህዝባዊ ስነኣእምሮ ክፈጥር በቒዑ። ነቲ ዓለም ኣይከኣልን ዝበለቶ ቃልሲ ኣንጻር ርእሰ ሓያላን ከምዝከኣል ዝገበረ፡ ትሕት መሬት ክቕበር ዝተፈርደ ህዝባዊ መሰል ካብ መዓሙቕ ኣውጺኡ፡ ኣብ በሪኽ ዙፋን ዘንበረ ረቂቕ ሓይሊ፡ እዚ ሃገራዊ ክብርታት’ዚ እዩ።

እዚ ኣብ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኹስኩሰ ክብርታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ኣብቂዑዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ናብ ተረካቢ ሕድሪ ወለዶ ብምስጋር፡ ንህንጸት ስልጡን ሃገር ድልዱል መሰረት ኣንጺፉ እዩ። ረዚን መስዋእቲ ከፊላ፡ ሓርነታ ዝተጓናጸፈት ኤርትራ፡ ብናጻ ፖለቲካዊ መስመርን ሕርያን፡ ብሰብኣዊን ሃገራዊን ክብረት፡ ብመንፈስ ርእሰ ምርኮሳ ብኣርኣያነት እትጥቀስ ሃገር ክትከውን ዘብቅዓ፡ እቲ ኣብ ጽንኩር ቃልሲ ንናጽነትን ልኡልውነትን እተመልመለ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ሓርነት ውሳነ ዘፍቅር ኩነተ-ኣእምሮ ህዝባን መሪሕነታን እዩ።

ሳላ’ዚ ገድለኛ ኵነተ-ኣእምሮ’ዚ፡ ኤርትራ፡ ምእንቲ ጥዑም ግን ግዝያዊ ፍታሕ ኢላ፡ ፖለቲካዊ ናጽነታ ዘግድዕ ኣቋራጭ መገዲ ኣይሓረየትን። ሓቅን ፍትሕን ዝጠልቦ ክቡር ዋጋን ምጽማምን ክትከፍል ወትሩ ቅርብቲ ብምዃና፡ ማዕበላት ሸርሒን ተጻብኦን፡ ውዲትን ብድሆን ከንዲ ዝተኾመረ ይኹመር፡ ካብቲ ጸኒዓ ዝሓዘቶ ናጻ መስመር ከንደልህጻ ኣይከኣለን። ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ልክዕ ከም ናጽነት፡ ቁጠባዊ ሓርነት እውን ብዕዮን ጻዕርን እምበር፡ ብልግሲ ዝርከብ ማና ከምዘይኮነ ብምእማን፡ ንፖለቲካዊ ይኹን ቁጠባዊ ጽግዕተኛነት “ኣይፋል!” ብምባል፡ ነቲ ሓቀኛ መገዲ ክብረትን ብልጽግናን እዮም መሪጾም - ጽንዓት!

ብኣጋጣሚ ዝኽሪ ናይዛ ክብርቲ ዕለተ ናጽነት እምበኣር፡ ነዚ ሓቂ’ዚ ደጊምና ብዕምቈት ብምስትንታን፡ እቲ ኣብ ነዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ቃልሲን ናይ ድሕሪ ናጽነት ጉዕዞናን ዝተሃንጸ፡ ምስጢር ሓይልና፡ ብቕዓትና፡ ብልጸትና ዝኾነ ባህልን ክብርታትን ብቐጻልነት ንምዕቃቡ፡ ንምምዕባሉን ምድልዳሉን ቃልና ነሐድስ።

መጽሔት መንእሰይ ቍ.88

## ቋንቋ ጥቕሲ

### "ክቱር ሕርቃን፡ ካብ ጠንቁ እቲ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ይኸፍእ" ማርኬስ ኦሪልየስ

ህይወትና'ኮ ሓበጀራዋይ'ዩ። ሓንሳእ ብሓጎስ ንፍንጫሕ፤ እናሓንሳእ ድማ ብጓሂ ጣዕ ንብል። ከምቲ ገለ ሰባት ብዋዛኦም ብሰሓቕ ዘፍልሑና፡ ብእከይ ግብሮም ኩምትር ዜብሉና ሰባት'ውን ኣይሰኣኑን'ዮም። ሰባት ስለ ዝኾንና ግና ነቲ ሕማቕ ነገር ኢና ዝያዳ ኣብ ኣእምሮና ቦታ እንህቦ።

ዝኾነ ዘቑጥዕ ነገር ርኢና ክንሓርቕ ንቡር'ዩ። እንተኾነ ዶቡ ዝሓለፎ ቍጥዐ ብቐንዱ ንጥዕናና ጽቡቕ ኣይኮነን። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ዘየድሊ ስጉምቲ ንኽንወስድ ዚደፋፍእ ስለ ዝኾነ፣ ዓቕምና ብዝፈቕዶ ቍጥዐና ክንቈጻጸር ጽቡቕ'ዩ። ምኽንያቱ፣ እናሓንሳእ እቲ ዘቑጥዓና ነገር ብዙሕ ግምት ዘይውሃቦ ክንሱ፣ እቲ እንወስዶ ግብረ መልሲ ግና ኣዕናዊ ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ብፍላይ ክንመልሶ ኣብ ዘይንኽእል ነገር እምብዛ ክንቍጣዕ ኣይግባእን። "ኣብ ጥፉእ ኣይትዛረብ ክፉእ" እኳ ዚብሃል። ዋላ'ውን እቲ ዝተፈጸመ ነገር ኣዝዩ ዘቑጥዕን ፍጹም ዘይተጸበናዮን እንተኾነ፣ እቲ ቐዳመይቲ ኣብ ኣእምሮና ክትመጻና ዘለዋ ነገር "ዓቕሊ" እያ። ኣብ’ታ ኣዚና ዝሓረቕናላ ህሞት፣ ዋላ ንኻልኢታት'ሞ ስምዒትና ክንገትእ ንፈትን። ብድሕሪኡ ንኽነመዛዝን ዕድል ስለ እንረክብ፣ ንነብስና ኾነ ነቲ ጉዳይ ከነህድኦ ክንክእል ኢና።

"ክቱር ሕርቃን፡ ካብ ጠንቁ እቲ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ይኸፍእ"

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ብስም ወ/ሮ ሉተስላሰ ክብራኣብ ኪዳኑ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0929 ቑጽሪ መዝገብ DAR-0498 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ ዝርከብ ናይ ሽቀጣሽቀጥ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ምኑት ተኽለ ወልደሃዋርያት፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ - ተሌፎን 07232783፣ ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 1/05/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ውዕል ክራይ ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ሉተስላሰ ክብራኣብ

ብስም መበራት ግብረቱ ዘርኣ፡ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ሰላዕ ዳዕሮ፡ ብመወከሲ ቑጽሪ 000441 ቑጽሪ ምስክር ወረቐት 009794 ፕሎት 20 ፓርሰል D ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዘ ዝበለ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07148494 ክሕብረኒ። እንተዘይቀሪቡ ግን መተካእታኡ ንክምልከተ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ብስም ወ/ሮ የርዳኖስ ሙብራህቶም ምስግና፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-1680 ቑጽሪ መዝገብ DAR-1470 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ ምም/ከ/ሓይካብ ዝርከብ ናይ መሸጢ ኣቑሑ ገዛ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ገብርኤላ ፍትዊ ተስፋየ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ምም/ከባቢ ሃዳሙ - ተሌፎን 07520799፣ ካብ ዕለት 01/6/2026 ክሳብ ዕለት 01/06/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ውዕል ክራይ ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ።

የርዳኖስ ሙብራህቶም

ብስም ኣቶ/ወ/ሮ ሓገሽ መለስ ገብረሂወት፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL2395 ቑጽሪ መዝገብ DAR-2072 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓድ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዐናበር ዝርከብ ናይ GAO-GC7 ትካለይ፡ ንኣቶ/ብርሃ ተስፋማርያም ዘርኣይ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይካብ - ተሌፎን 07237679፣ ካብ ዕለት 17/07/2026 ክሳብ ዕለት 16/07/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ብስም ወ/ሮ ንግስቲ ተኪኤ ገ/ማርያም፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-5866 ቑጽሪ መዝገብ DAR-5408 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሳሎዓ ዝርከብ ትካለይ፡ ንኣቶ ምሕረት ሃይለሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ዞን 03 - ተሌፎን 07350566፣ ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 01/8/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ውዕል ክራይ ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ንግስቲ ተኪኤ

ብስም ኣቶ/ወ/ሮ ትርሓስ ጋይም ድራር፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-5695 ቑጽሪ መዝገብ DAR-5262 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓድ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዐናበር ዝርከብ ናይ GAO-G07 ትካለይ፡ ንኣቶ/ዓወት ሓድሽ ሓድጉ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዐናበር - ተሌፎን 07337914፣ ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 01/07/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ትርሓስ ጋይም

ብስም ወ/ሮ መድሃን ሰለሙን ሓጎስ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0106 ቑጽሪ መዝገብ DAR-0086 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓድ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይካብ ዝርከብ ናይ GE2 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣምለሰት በርሀ መሓሪ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ሃዳሙ - ተሌፎን 07311326፣ ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 01/08/2032 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ የፍልጥ።

መድሃን ሰለሙን ሓጎስ

ኣብ መንጎ ኣካራያይ፡ መንግስተኣብ ፍስሓጽዮን ተስፋማርያም፡ ተኻራዪ፡ ሙብራህቱ ደብረጽዮን ተስፋማርያም፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00044653 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፍሒ ጎደና – ቁጉሩ ዝተመዝገበ ናይ ሆቴልን ቤት መግቢን ንግዳዊ ንጥፈት፡ ካብ ዕለት13/08/2026 ጀሚሩ ከም ዝተቛረጸ እናሓበርና፡ ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ናብ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ክቋረጽ ምዃኑ ነፍልጥ።

ጨ/ቤ/ጽ/ንግድን/ምዝገባን

ብስም ወ/ሮ ሮማ ተስፋማርያም፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00001936 ቑጽሪ መዝገብ 00001755 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ዓዲ/ከተማ ገዛእማ ዝርከብ ናይ ሰፊት ክዳውንቲ ትካለይ፡ ንኣቶ ኣወልከር መሓመድ መሓሙዱ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ዓዲ/ከተማ መረብ - ተሌፎን 07331363 ካብ ዕለት 01/06/2026 ክሳብ ዕለት 01/06/2032 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ሮማ ተስፋማርያም

ብስም ወ/ሮ ሰዑዳ መሓመድ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-1667 ቑጽሪ መዝገብ DAR-1458 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ዝርከብ ናይ JCO ትካለይ፡ ንኣቶ ኢብራሂም ሙሳ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ - ተሌፎን 07399913፣ ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ሰዑዳ መሓመድ
ሕጋዊ ወኪል ፋጡማ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣመልካቲት ኣርያም ወልደጋብር መንግስትኣብ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ኩ ቀላቲ ወልደጋብር መንግስትኣብ፡ 1.ኣይዳ ቀላቲ ወልደጋብር 2.ቶማስ ቀላቲ ወልደጋብር 3.ሰምሃር ቀላቲ ወልደጋብር 4.ት/ዕድመ ዳናይ ቀላቲ ወልደጋብር 5.ት/ዕድመ ሚልኪ ቀላቲ ወልደጋብር፣ ናይ ገንዘብ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕ29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ደባስ ወልደስላሴ ስረቅ፡ ስም ኣደይ ርግበ ዘራጽዮን ሞሲት ምባል ተሪፉ፡ ርግበ ዘራጽዮን ተስፋጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ወረ/ኩ ነይሩ ኣድሓኖም፡ ወኪል ተኽኣ እምባዬ፡ ኣቦሓጎና ነይሩ ኣድሓኖም ስለዝዋረሬ፡ ንሕና 3 ኣሕዋት ያቆብ ነይሩ፡ ኢሳቅ ነይሩ፡ ነፍ/ስመረ ነይሩ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ያሶሚን ዓዚዝ ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ያሶሚን ዓብዱልዓዚዝ ሓምድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ን/ዞባ ላዕላይ ጋሽ ምም/ከባቢ ማይ ቆቓሕ፡ ብፍቓድ ዋኒን GBL 0008510 ትካል C/6 መጥሓን እኽሊ ብስም ኣሲያስ ወልደየውሃንስ ገረንድርያስ ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሰጋገሮ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንዝምልከቶ ኣካል ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ኣብ ዝምልከቶ ኣካል ጉዳዩ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ጉብረስላሴ ዘሙይ ምራጭ

ብስም ወ/ሮ ኣረጋሽ ጉብረኢያሱስ መሸሻ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 5748 ቑጽሪ መዝገብ 5233 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ መሸጣ በርበረን ቀመምን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ምንያ ጉብረመድህን ዓንደጸዮን፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ፡ ተሌፎን 07761897፣ ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 31/06/2029 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣረጋሽ ጉብረኢያሱስ መሸሻ

ብስም ኣቶ ተስፋዝጊ ደበሱ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-2405 ቑጽሪ መዝገብ DAR-2079 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዕናበር ዝርከብ ናይ GAO ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሩታ ጉይትኦም ነጋሲ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዕናበር - ተሌፎን 07889346፣ ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 01/08/2028 ኣካርዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፣ እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ተስፋዝጊ ደበሱ

ብስም ተስፋዝጊ ኣብርሃ ሓጎስ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00030403 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ሳዋ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ መቀያየሪ መኪና ኣቕሓት መሸጢ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰናይት ክፍላይ፡ በኺት ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና 189-1 ቁ.ገዛ 64 ካብ ዕለት 01/07/2025 ክሳብ ዕለት 31/07/2028 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎም ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ተስፋዝጊ ኣብርሃ ሓጎስ

ብስም ወ/ሮ ጀሚላ ናፍዕ ኢድሪስ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-1758 ቑጽሪ መዝገብ DAR-1540 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ ዝርከብ ናይ J24 ትካለይ፡ ንኣቶ ጀዋኒ ገ/ሂወት፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሰንዓፈ - ተሌፎን 07400678፣ ካብ ዕለት 31/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣኑ ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዳይፍ እንዳ ኮርያ ብሎክ 119 ቁ/ገዛ 404 መንበሪ ፍቓድ 1553836 ቁ.ፓርሰል 0000374 ብስም በርህ ማሓሪ ወልዱ ዝተመዝገበ ሲብሬቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሃልዩ፡ ብቑጽሪ ሞባይል 07906304 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ ይርከበኒ፣ እንተዘይተረኺቡ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

በርህ ማሓሪ

ብስም ወ/ሮ ኣበባ ወልደገብርኤል ጉብረሂወት፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-5920 ቑጽሪ መዝገብ DAR-5451 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይካ ዝርከብ ናይ G41 ትካለይ፡ ንኣቶ/ርቢል ምሕረተኣብ ፍትዊ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይካ - ተሌፎን 07540431፣ ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ውዕል ክራይ ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ የፍልጥ።

ኣበባ ወልደገብርኤል


ሓዱሽ መጽሓፍ ፡ “ብሌሒ 2”

ወለዲ ምስ ደቆም ሓቢሮም ከንብብዎ ዝኽእሉ ንቋንቋታት እንግሊዝኛን ትግርኛን ኣብ ሓደ ኣጣሚሩ ዝተዳለወት መጽሓፍ!!



1. [illegible]
2. [illegible]

[illegible]

3. [illegible]
4. [illegible]
5. [illegible]
6. [illegible]
7. [illegible]

መጽሓፍ “ብሌሒ 2”፡ ኣብ ኣውጉት፡ ጋላሪ ሰቲት፡ ሃገር መጻሕፍቲ፡ ኣምባሳደር... ዝበሉ ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሐትልኩም ኣላ!

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## "ምሉእ ዕርቅን ምሕረትን ጌርና ኣለና" ስድራቤት መዋቲ

ሓደጋ ወዘቢ'ኳ እንተ ኾነ፡ ልዑል ጥንቃቐ ግን ይሓትት። ሞት ምስ ዘኸትሎ፡ እቲ ዝፍጠር ሓዘንን ዘኸትሎምናን ዓቢ'ዩ። ኣብ ባህልና፡ ድንገት ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝግበር ኣገባብ ምሕረትን ዕርቅን ኣለና። እዚ ከኣ፡ ንጸባቐን ስልጣንን ሕብረተሰብና ዘጉልሕ እዩ። እዚ ዝቕጽል ዓንቀጽ፡ ብዝዕባ'ቲ፡ ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕራፍ ኣገባብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ዝምልከት እዩ።

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ፡ ኣብ ሴማፎሮ ባርጀማ'ዩ ብ26 ሰነ 2026 ሰዓት 4፡50 ድ.ቐ ኣጋጢሙ። መራሒ መኪና ኣቶ ግርማይ ገብረዝጊ፡ ብዘሽከርክራ ይጓዓዙ ንዝነበሩ ኣቦይ ተስፋዝጊ ሃይለ ብመኪና ሃሪሙ ሞት ዘበጽሐ ሓደጋ ኣውሪዱሎም። ኣቶ ግርማይ፡ እቲ ሓደጋ ምስ ኣጋጠሞ፡ ነቦይ ተስፋዝጊ ተቐላጢፉ'ዩ ናብ ሆስፒታል ኦሮታ ወሲዱዎም። ኣቦይ ተስፋዝጊ ግን ብህይወት ኣይሰረሩን፣ ብ28 ሰነ ወለዶምን ቤተሰቦምን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ዓዶም ማዕረባ፡ ብኽብ ዝበለ ስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሶም።

ብድሕሪ'ዚ፡ እዚ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ብኽልቲኦም ስድራቤታት ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብዕለት ብ28 ሓምለ 2026፡ ኣብ መንበሪኦም ክልተ ስድራቤታት ናይ ዕርቂ ስርዓት ተፈጺሙ። ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ግርማይ ገብረዝጊ፡ ወለዱን ቤተሰቡን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ኣምሪሖ'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ነፍስሄር ኣቦይ ተስፋዝጊ ሃይለ ቀሪቡ።

ነቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈቶ ቀሺ ጠዓመ በርሀየ'ዮም። ንሶም፡ ተቛጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋን፡ ስድራቤት መዋቲ፡ ነታ ኣብ ምድሪ ኩነ ኣብ ሰማይ መለክዒ ዘይብላ ምሕረትን ዕርቅን ምምራጾም፡ መርኣያ ጽንዓ እምነቶምን ብሃገር ደረጃ ዝግለጽ ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባርምን ምዃኑ ሓቢሮም። ንዘጋጥም ጸገማት፡ ብኸፊሚ ንሓድነትና ዝኸልዕ ምዕሩግን ፍቕሪ ዝዕብለሎን ኣገባብ ክድቅስ ብምብቃዑ ድማ፡ ልዑል ሓጎስን መንፈሳዊ ሩፍታን


ኣቶ ግርማይ ገብረዝጊ (ፈጻሚ ሓደጋ)

ከም ዝተሰምዖም ገሊጾም።

ፈለማ ነቲ ስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቶም ቃሎም ዘሰምዑ ሓውቦ መዋቲ፡ ኣቶ ገረዝጊሄር ጥዓይ መድሓኒ'ዮም። ኣቶ ገረዝጊሄር፡ "ተስፋዝጊ ክቕተሉ፡ ግርማይ ክቕትል ኣይተራኸቡን። ፍቓድ ኣምላኽ ክሰግር ስለዘይክእል ግና፡ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ሕጂ ከኣ፡ ተስፋዝጊ ሓወና ብምሕረትን ፍቕርን ደኣ'ምበር፡ ብበዝሒ ስለ ዘይትመኑ ገዚኡበ'ውን ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን ከምጽኣልና ስለ ዘይክእል፡ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና" ክብሉ፡ ንኹሉ ሰማዒ ሕልናዊ ዕረፍትን ቅሳነትን ዝፈጠረ ቃል ምሕረት ተዛሪቦም። ካብ ወሸጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ብኣካል ብምምጻእን ዝጸናንዑዎም ቤተሰብን ፈተውትን ድማ፡ ልባዊ ምስጋናኦም ኣቕሪቦም።

ንመዋቲ ወዲ ሓትኖኡ ኣቶ ገብርሂወት ንገሰ ከምኡ'ውን ቤተሰብ መዋቲ ኣቶ ብርሃ ወልደማርያምን ብግደኦም፡ ንተስፋዝጊን ንግርማይን፡ ንክልቲኦም እትፈላሊ ዘይትሰግር ዕለት ከም ዘጋጠመቶም ብምግላጽ፡ ጸባሕ'ውን ንዓና እንታይ ከም ዘጋጥመና ስለ ዘይንፈልጥ፡ ብወገን ስድራቤት መዋቲ ምሉእ ምሕረት ተገይሩ ከምዘሎ ሓቢሮም።

"ሓደጋ ወዘቢ'ዩ። የግዳ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰግር ስለዘይክእል ክቡር ወድናዩ ብሓደጋ ተፈልዩና፣ ሕጂ ከኣ፡ ጋርፋሲ ምብኣስ ባህልናን እምነትናን ስለ ዘይኮነ፡ ፍቕርን ምሕረትን ክንነብር ኢና ወሲንና።


ወ/ሮ ሰምሃር ተስፋዝጊ

ምኽንያቱ፡ እምነትናን ኣቦታትና ዘጽንሑልና ክቡር ባህልናን፡ ምሕረት ምግባር ስለዝኾነ፤ እዚ ከኣ፡ መመሊሱ ዘሐጉሰና፣ ህዝብናን መንግስትናን ዝድግፎ፡ ብዓቢኡ'ውን ኣምላኽ ዝድግፎ ቅዱስ ተግባር ስለዝኾነ፡ ክንምሕር ሓይሊ ንዝሃበና ፈጣሪ ኣመስግንን" ዝበሉ ከኣ፡ ቤተሰብ መዋቲ፡ ኣቶ ተወልደ ቀሺ ክፍለማርያም እዮም።

ቀሺ እሙን ወልደኣብ፡ ኣቶ ተስፋሃንስ ገረንስኤ፡ ከምኡ'ውን ቀሺ ሃብተዝጊ ገብረእግዚኣብሄር ብወገኖም፡ ንዕርቅን ምሕረትን ዝገልጽ ቅዱስ ሓሳባት ድሕሪ ምዝርዛር፡ "ብሞት'ቲ ኣብ ልዕሊ ኣቦይ ተስፋዝጊ ሃይለ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣዚና ኢና ሓዚንና። ይኹን'ምበር፡ እቲ ፍጻመ ምስ ኣጋጠመ፡ ተኣኪብና መኸርና፡ ነቲ ጉዳይ ብዕርቅን ምሕረትን ክንዛዘም ምብቃዕና፡ ኣዝዩ ዘደንቕ'ዩ። ዕርቅን ምሕረትን ድማ፡ ሰብን እዝግሄርን ዘፈትዎ፡ ንሰብ መለለዩኡን ግርማኡን ስለ ዝኾነ፡ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ተግባር፡ ንኹሉ ኣብነት'ዩ። ሕጂ ከኣ፡ ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ምፍጻምን መርኣያ ልቦናን ፍቕርን ብምዃኑ፡ እዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን፡ በዚ ኣጋጣሚ ዝኽኽር" ኢሎም።

ብዓልቲ ቤት መዋቲ፡ ወ/ሮ ይሕደጋ ርእሶም ብግደኣን፡ ኣቦይ ተስፋዝጊ ሃይለ ለዋህን ፈቃርን ከም ዝነበሩ ጠቒሰን፡ የግዳ ብዘይተሓሰበ መዓልቲ፡ ብኸፊሚ ኣገባብ ካብ ስድራቤት ምፍላዮም መሪር ጓሂ ከም ዝተሰምዖን ገሊጸን። እንተ ኾነ፡ ፍቓድ ጎይታ ክሰግር ስለ ዘይክእል፡ ንኹሉ ብጸጋ ተጻዊረን፡ ነቲ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ምስ ደቀንን ቤሰበንን ብምዃን ብዕርቅን ምሕረትን ክዛዘሞኦ ከም ዝወሰና ሓቢረን።

ናይ ወላዲኦ ሓዘን ከተሕልፍ ካብ ስኮትላንድ ዝመጸኣት ወ/ሮ ሰምሃር ተስፋዝጊ'ውን ከምዚ ብምባል'ያ፡ ንወላዲኣን ነቲ ዝተፈጸመ ዕርቅን ትገልጾ - "ባባ ክቕተሉ፡ ግርማይ ድማ ክቕትል ኣይተራኸቡን፣ ዘይትሰግር መዓልቲ ግን ኣጋጢማቶም። ክቡር፡ ፈቃር፡ ለዋህ፡ ሕያዋይ ኣቦና ከኣ፡ ብሓደጋ ተፈልዩና። ሕጂ ከኣ፡ ምሕረት ምግባር፡ ኣምላኽ ዝፈትዎ ሰናይ ተግባር ስለ ዝኾነ፡ ኩልና ስድራቤት ተኣዚዝና ፍቕርን ምሕረትን ክንነብር ምውሳንና፡ የሐብን" ኢላ።

ብስድራቤት መዋቲ እኹል ናይ ምሕረትን ዕርቅን ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ተቐቢሎቲ ምሕረት ዝኾኑ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ድማ እዚ ዝስዕብ ናይ ምስጋና ቃል ተሰሚዑ። ንገለ ካብ'ቶም ቃሎም ዘሰምዑ ድማ፡ ብኸፊሚ ዝስዕብ ጽሙቕ ኣብልና


ወ/ሮ ይሕደጋ ርእሶም

ነቕርበልኩም።

በቲ ስርዓት ዕርቂ፡ ፈለማ ዝተሰምዖ ሕልናዊ ሩፍታ ቃሉ ዘሰምዐ ኣኮ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሃይለ ወልደጊዮርጊስ'ዩ። ኣቶ ሃይሌ፡ "ሰብ ብበዝሒ ዘይናኣ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝትመን። እሾኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኺርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ገይርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ፡ ዝገንትእሉ መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዝንቶ'ዩ" ኢሉ።

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ገብረያሱስ ገብረትንሳኤ ድማ፡ "ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበን ንሰማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ኣምላኽ ድማ መሓሪ'ዩ ዝፈቱ። ስለዚ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዝፈጸምኩም፡ ኩሉ ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ገይርኩምዎ ዘለኹም ምሕረትን ዕርቅን ከኣ፡ ክሰዓብ ዘለዎ ጽቡቕ ኣብነት ስለዝኾነ፡ ብኣኻትኩም ሕቡናት ኢና" ክብሉ ንኹሉ ንስድራቤት መዋቲ ጸጋማት ተመንዮም።

ቀጺሎም ቀሺ ሰመረ ክብርኣብን ቀሺ ኪዳነ ሃብተጋብርን ከኣ፡ "ሓደጋ ወዘቢ'ኳ እንተኾነ፡ በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፣ ግን ዘይምለስ ኩይኑና። ኣምላኽ ግን ኣጦኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ


ኣቶ ተስፋዝጊ ሃይለ (መዋቲ)

ኣብ ዝተመሳሰሳሉ፡ ነቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጥዑም መልሓስን ጽቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ናይ ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና። እዚ፡ ሕውነት ክንተኸለሉን ፍቕሪ ክንትክኣሉን ንምዃ፡ 'ካባኹም እንደልዮ ነገር የለን፣ እቲ ንደልዮ ፍቕርን ሰላምን'ዩ' ኢልኩም፡ ነቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾኑ፡ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትነብሩ ክንነብረኩም'ዩ። ሂብኩምና ዘለኹም ምሕረት ከኣ፡ ንሃገርናን ንህዝብናን ጽቡቕ ኣብነት፣ ካብ ዜጋ'ውን ክኽተሎ ዘለዎ ሪዚን ኤርትራዊ ባህሊ ስለ ዝኾነ፡ ብምድርን ሰማይን ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ" ኢሎም።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ በረኸትኣብ ቀሺ ዓንደብርሃ፡ ኣቶ ዑቕባዝጊ ገብርኤል ኣብርሃም፡ ኣቶ ሚካኤል ቀሺ ሓድጉ ብግደኦም፡ "ህይወት ልዕሊ ኹሉ ክብርቲ'ያ፣ ስለ ዝኾነት ልዑል ጥንቃቐ የድልያ። ይኹን'ምበር፡ ሓደጋ ወዘቢ ስለ ዝኾነ፡ በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና። ኣምላኽ ግን ኣጦኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና፡ የቐንየልና" ኢሎም።

ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ግርማይ ገብረዝጊ ብወገኑ፡ ስለቲ ካብ ህይወቱ ዘይርስዖ ዝተገበረሉ ምሕረት'ዩ እዚ ዝስዕብ ሓጺር ቃል ተዛሪቡ - "ምስ ኣቦይ ተስፋዝጊ ዘጋጠመና ነገር ከቢድ'ዩ። ሕጂ ከኣ፡ ስድራቤት ነቲ ጉዳይ ብዕርቂ ዛዚምኩም ምሕረት ስለ ዝገበርኩምለይ፡ ኣዝዩ'የ ዘመስግን፣ ሩፍታ'ውን ተሰሚዑኒ ኣሎ። ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ፣ ኣብ ጸቡቕኩም ከኣ የውዕለኒ" ክብል ምስጋንኡ ኣቕሪቡ።

ማእከላይ ሽማግለ ዕርቂ ኣቶ ገረዝጊሄር ኪዳነ ኣብ ዘሰምዖ ቃል ከኣ፡ እዚ ብስድራቤት ኣቶ ተስፋዝጊ ሃይሉ፡ ኣብ ልዕሊ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ግርማይ ገብረዝጊን ተወሲዱ ዘሎ ምሕረትን ዕርቅን፡ በቲ ሓደ መርኣያ ክቡር ባህሊናን ክብርታትናን ምዃኑ፣ በቲ ካልእ ድማ፡ ከምቲ ክቡር ባህልና፡ ኣብ ሕብረተሰብና ሰጡም ሓድነትን ሰላምን ከም ዘሎ ህያው ኣብነት ስለ ዝኾነ፡ እዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን እናንኸስኸስና ናብ ዝቕጽል ወለዶ ከነሰጋግሮን ተላቢዩ።

ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ንዝተዳለወ እኽለ ማይ ብሓባር ምስ ተቛደሱ፡ ነቲ ናይ ዕርቅን ምሕረትን መዓልቲ ዛዚሞሞዎ።


ስድራቤት መዋቲ


ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ

# ወለዲ፡ ምስጢር ዓወት ደቆም'ዮም

የሴፍ ሃይለማርያም

ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሰማእታት፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ 2ይ ደረጃ - ማትሪክ፡ ልዕሊ ሰለስተ ነጥቢ ዝዘምጽኡ ተመሃሮኡ ኣተባቢዑ። ኣብ'ቲ ብ16 ነሓሰ ኣብ ኣደራሽ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ዝተኻየደ ስነ ስርዓት ምዕዳል ሽልማት፡ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኮሚቴ ወለዲ፡ ገዳይም መማህራን ናይ'ቲ ቤት ትምህርትን ወለዲ ተሸለምትን ተረኺቦም ነይሮም።

ርእሰ መምህር ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሰማእታት መም/ ሰሎሞን ኪዳነ - ኑቲ ኣጋጣሚ ኣመልኪቱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ 2025/2026 ብሉጽ ውጽኢት ዝመዝገቡ ተመሃሮ ኣፍልጦ ኣብ ዝሃቡሉ ዕለት ንዝተረኽቡ፡ ብስም ቤት ትምህርቲ ምስጋናኡ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ብሓፈሻ ንወለድን ቤሰብን፡ ብፍላይ ድማ ንተሸለምቲ ተመሃሮ እንቋዕ ሓጎሰኩም ኢሉ።

መም/ ሰሎሞን፡ ኣብ'ቲ ብፕሮጀክተር ተሰንዩ ዘቕረቦ ሓጺር ጸብጻብ ውጽኢት ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ 2025/26፡ ኣብ'ቲ ውጽኢት ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ሎሚ



ተማ/ት ሳሌም ምስ ወለዳ

ዓመት 61 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከቡኦም 120 ተመሃሮኦም ካብ ሰለስተ ክሳብ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ብምምጻእ ንሽልማት ከም ዝበቕዑ ገሊጹ። ካብ'ዞም ተሸለምቲ ተመሃሮ፡ እቶም



ተማ/ት ሄስዳ ቶማስ

42 ምሉእ ነጥቢ ዘምጽኡ ምዃኖም ጠቒሱ ከኣ፡ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ሳላ ሓያል ጻዕሪ ተመሃሮ፡ ወለዲ፡ ቤት ትምህርትን መማህራንን ዝተረኽበ ውጽኢት ምዃኑ ኣገንዘበ።

ኣብ መወዳእታ መም/ ሰሎሞን፡ መድረኻት ትምህርቲ ስለ ዘይዛዘም፡ ተሸለምቲ ከም ቀደሞም ኣበርቲዖም ክሰርሑ ብምዝኽኻር፡ ልዑል ብቕዓትን ክእለትን ዘውንኡ ተወዳደርትን ብዲሲፕሊን ዝተሃንጹን ተመሃሮ ንምፍራይ ኣብ ዝካየድ



ተማ/ት ሚራክል ዮናስ

ዘሎ ጻዕሪ፡ ተራ ወለድን መማህራንን መሊሱ ክዓቢ ተላብዩ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ምዕዳል ሽልማት'ዩ ሰዒቡ። ተሸለምቲ ተመሃሮ ድማ፡ ብዕልልታን ጣቕዒትን ኣደታት፡ ከምኡ'ውን ሕቋፍ ዕንባባ ተሰኒዮም፡ ንዝተዳለወሎም ሽልማትን ወረቐት ምስክርን፡ ካብ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ገዳይም መማህራን ቤት ትምህርቲን ኮሚቴ ወለድን ተቐቢሎም።

እቲ ስነ-ስርዓት ምዕዳል ሽልማት ምስ ተዛዘመ ንገለ ካብ ተሸለምትን ወለድን ረኺብና ስምዒቶምን ሓጎሶምን ክገልጹልና ተወኪሰናዮ። ፈለማ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ ንዝተሸለመ ተማሃራይ

የኤል ሰምኦን ኢና ተወኪሰናዮ። ንሱ፡ ነዚ ዓወት ክጎናጸፍ ዝበቕዐ፡ ፈለማ ንግዜኡ ብግቡእ ስለ ዝጥቀመሉ፣ ቀጺሉ ምስ መማህርቱ፡ ምስ መጻንዕቱን ምስ መማህራኑን ብጽቡቕ እናተወሃሃደ ስለ ዘጽንዐን ዝተማህረን ምዃኑ ኣገንዘበ። እዚ ሎሚ ረኺቡዎ ዘሎ ዓወት'ውን ንወለዱ ከም ዘወፍዮ ገሊጹ። ኣብ ኮለጅ ኣትዩ፡ ኑቲ ረኺቡዎ ዘሎ ዓወቱ ዓቂቡ፡ ትምህርቱን መጽናዕቱን፡ ብዕቱብ ከም ዝከታተል ከኣ ኣረዲኡ።

ኣቶ ሰምኦን ተስፋይ፡ ንወዱ ከሲኢ ዝመጽአ ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ውላዱ ዓወት ክሳተፍ ምብቅዑ ሓበንን ኩርዓትን ከም ዝሰምዖ'ዩ ገሊጹልና። ንሱ፡ ከም'ቲ 'ቈልዓ ብንእሱ ቀርበት ብርሒሱ' ዝበሃል፡ ንዮኤል ወዱ ካብ ንእስነቱ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ግዜን ኣብ መጽናዕትን ናይ ወለዲ ደገፍን ምክትታልን ከም ዘይተፈልዮ ብምሕባር፡ ዮኤል'ውን ኑብሱ ዝኽእልን ምትብባዕ ጥራይ ዘድልዮን ተማሃራይ ብምዃኑ፡ ነዚ ዓወት ከም ዝበቕዐ ኣረዲኡ። ኩሎም ተዓዊቶም ዘለዉ ተመሃሮ፡ ኑቲ ብልዑል ወፍሪ ብናጻ ዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን ክኽሕሱ ድማ

ኣዘኻኺሩ። ወላዲቱ መም/ ኑቢያት ብርሃነ'ውን፡ ጻማ ውላዳ ክትሓፍስ ምብቅዓ ዝተሰምዓ ሓጎስ ብምግላጽ፡ ንዮኤል ኣሰር ዓበይቲ ኣሕዋቱ ክሕዝ ካብ ፈለማ እናተኸታተሉ ኣብ'ዚ ደረጃ ከም ዘብጽሕዎ ሓቢራ። መም/ ኑቢያት ወሲኻ፡ ከምዚ ዓይነት ሽልማት፡ ንተሸለምቲ ተመሃሮ፡ ኣብ ዝቕጽል ትምህርቶም ሞራል ስለ ዝቕርብ፡ ኣብ ኮለጅ ብዝሓየለ ክጽዕቱን ሃገራውነቶም ክሕይልን ዝገብር፣ ኑቶም ብሕጂ ዝመጽኡ ድማ ቅዱስ ቅንኢ ከሕድሩ ዝድርኽ ስለ ዝኾነ፡ ቤት ትምህርቲ ነዚ ሽልማት ምድላዉ ኣመስጊና።

ተማሃሪት ሳሌም ግርማይ'ውን፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኣ ዝተሸለመት'ያ። ንሳ፡ ኣመዝጊባቶ ዘላ ዓወት ብቐንዱ ውጽኢት ጻዕራን ስሩዕ ምክትታላን ከም ዝኾነ ብምሕባር፡ ምክትታልን ሓልዮትን ወለዳ'ውን ምስጢር ዓወታ ምዃኑ ተረዲእ። ብዘይካ'ዚ፡ ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኦም ኮለጅ ዝተጸንበሩ ዓበይቲ ኣሕዋታ'ውን ብእወታ ከም ዝጸለዉዋ ትሕብር። ካልእ፡ ኣብ ሳዋ፡ ማሕበራዊ ሂወት፡ ፍትወት ስራሕን ተጻዋርነትን ብግብሪ ከም እተማህረቶም ብምምልካት፡ ተማሂራ ሃገርና ክትሃንጽ ዘለዋ ተሰፋ ገሊጻ።

ወላዲኣ ኣቶ ግርማይ ሰመረ ድማ፡ ሳሌም ኳሎም ኣሰር ቀዳሞት ኣሕዋታ ሒዛ ኣብ'ዚ ደረጃ ምብጽሓ ሓጎሱ ብምግላጽ፡ ኣብ'ቲ ዝጽበያ ዘሎ ናይ ኮለጅ ትምህርታ፡ በዚ ዘላቶ ቀጺላ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕን፡ ንህዝባን ሃገርናን ክትከውንን ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹ። ወላዲታ ወ/ሮ ሳምራዊት ሃይለ ብግደኣ፡ ሳሌም ብመደብ ተጸንዕ፡ ብርትዕትን ንፍዕትን ተማሃሪት ምዃና ጠቒሳ፡ ምስ ብዓል ቤታ ብምዃን፡ ንደቆም ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ኣትሒዞም ምሉእ ግዜ ሂቦም ስለ ዝከታተልዎም ቅድሚ ሕጂ'ውን ክልተ ዓበይቲ ደቆም'ውን ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኦም ኮለጅ ከም ዝተጸንበሩ ሓቢራ።

ተማሃሪት ዮሳን ኣማኑኤል ድማ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኣ ዝተሸለመት ኮይና፡ ነዚ ዓወት



ተማ/ት ዮሳን ምስ ወላዲኣ

ዝሓፈሰት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብወለዳ ዝግበረላ ዘየቋርጽ ደገፍን ሞራልን፡ ብውልቃ'ውን ምስ ብጾታ ብምዃን ኣበርቲዓ ስለ ዘጽንዐትን መጻሕፍቲ ስለ ዘንበበትን ከም ዝተዓወተት ገሊጻ። ኣካል ዓወታ ንዝኾኑ ወለዳ፡ መማህራናን ቤት ትምህርታን ድማ ኣመስጊና።

ወላዲኣ ኣቶ ኣማኑኤል በረሀ፡ ዮሳን ጓሉ ካብ ንእስነታ ጀሚራ ልዑል ድሌት ትምህርቲ ዝሓደራን ብመደብ



ተማ/ መጅዲ መሓመድ

ተመራሒ ተጸንዖን ከም ዝከበረት ብምግላጽ፡ ንሳቶም ድማ ከም ወለዲ መጠን ዘድልያ መጻሕፍትን ካልእ ነገራትን እናቐረቡ ከም ዝሕግዙዋ ይሕብር። ብትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሳዋ'ውን ተመልሚላን ተሃኒጻን መጺኣ ስለ ዘላ፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ኮለጅ ትምህርታ ብዓጸፋ ኩተጸንዖ ተላብዩ።



ተማ/ ዮኤል ምስ ስድራቤቱ

ተማሃራይ ናኤል ካሕሱ'ውን 3.6 ነጥቢ ኣምጺኡ ዝተሸለመ እዩ። ንሱ፡ ሰለቲ ዝተገብረሉም ምትብባዕ ድሕሪ ምምስጋን፡ መሰረት ዓወቱ ካብ ንእስነቱ ብወለዱ ዝተገብረሉ ሓልዮትን ደገፍን ምዃኑ ይሕብር። ብወገኑ'ውን፡ ግዜኡ ብጽቡቕ እናተጠቐመ፡ ኣብ መጽናዕቱን ኣብ ክፍሉን ኣበርቲዑ ይጽዕርን ይከታተልን ከም ዝነበረ ገሊጹ።

ወላዲኡ ኣቶ ካሕሱ የማነ ድማ ብዓወት ወዱ ልዑል ሓጎስ ተሰሚዑዎ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ናኤል ካብ ንእስነቱ ጻዕራምን ርእሱ ክኽእል ዝደልን ተማሃራይ ምንባሩ፡ ኣብ'ዚ ደረጃ ዓወት ኩብጽሖ ከም ዝኽኣለ ሓቢሩ። ብወገኖም፡ ኣብ ትምህርቱ ንኽነፍዕ ዘድልዮ እናቐረቡ ከም ዘምሃርዎ ገሊጹ። "ተማሃራይ ኣማዕዲዩ መጻኢኡ ከማዕዱ ኣለዎ" ዝበለ ኣቶ ካሕሱ፡ ኩሎም ተሸለምቲ ተመሃሮ፡ ኑቲ ብናጻ ዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን ኤርትራ መታን ክኽሕሱ፡ ግዜኦም ብግቡእ እናተጠቐሙ ኣበርቲዖም ክጽዕሩ ተላብዩ።

ተማሃሪት ሄስዳ ቶማስ ከኣ፡ 3.8 ኣምጺኣ ዝተሸለመት'ያ። ንሳ፡ ኣብ ማትሪክ ክትዕወት ዝኽኣለት ቅድሚ ናብ ሳዋ ምውራዳ ዘድሊ ኩሉ ኣጻፊፋቶ ስለ ዝወረደት፣ ኣብ ሳዋ'ውን ጽቡቕ ናይ መጽናዕትን ናይ ትምህርትን መድረኽ ስለ ዝጸንሓ ምዃኑ ጠቒሳ፡ ካብ ንእስነታ ብወለዳ ዝግበረላ ዝነበረ ደገፍን ምትብባዕን'ውን መሰረት

ኮይኑ ኣብ'ዚ ዓወት ከም ዘብጽሓ ትምስክር።

ተማሃራይ መጅዲ መሓመድ ማሕሙድ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ ካብ ዝተሸለሙ እዩ። ንሱ፡ ነዚ ነጥቢ ዘመዝገበ፡ ንግዜኡ ብግቡእ እናተጠቐመ ሳላ ዝጸዓረን ዘጽንዐን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ወለዱ'ውን ካብ ንእስነቱ ጀሚሮም፡ ዘድልዮ እናቐረቡን እናተኸታተሉን ኣብ'ዚ ደረጃ ከም ዘብጽሕዎ ኣረዲኡ። ፍልጠት እናቐሰሙ ኣብ'ዚ ንዘብጽሕዎ ወለዱን መማህራኑን እውን ኣመስጊኑ።

ተማሃሪት ሚራክል ዮናስ'ውን፡ ካብ ንእስነታ ጀሚራ ብግቡእ ትምህርታ እናተኸታተለትን እናተሸለመትን ዝመጽአት ኮይና፡ ሳዋ ምስ ወረደት'ውን ኣብ ማትሪክ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኣ ዓወት ዝተጎናጸፈት ሃብረም እያ። ንሳ ነዚ ዓወት ብመደብ ኣጽኒዓን ብዲሲፕሊን ተማሂራን ዘምጽኣቶ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዘይሕለል ደገፍን ሞራልን

ክልቲኦም ወለዳ'ውን፡ መሰረት ናይ ኩሉ ዓወታታ ምዃኑ ኣነጺራ።

ወላዲኣ ኣቶ ዮናስ እምባየ ብግደኡ፡ ንሚራክል መጻኢኣ ብሩህ ምዃኑ ካብ ንእስነታ ከለልዩዋ ከም ዘየጸገሞም ብምግላጽ፡ ንሱን ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰምሃር ብርሃነ ከኣ፡ ዘድሊ መሰዋእትን ዋጋን እናኸፈሉ ስለ ዝሓገዙዋ፡ ኣብ'ዚ ዓወት ክትበጽሕ ከም ዝኸኣለት ገሊጹ። ኣብ ደቆም ልዑል ምክትታል ስለ ዝገብሩ፡ ክልተ



ተማ/ ናኤል ካሕሱ

ዓበይቲ ደቆም'ውን፡ እቲ ሓንቲ ተማሃሪት ኦሮታ ሜዲካል ዶክተር ሻዱሻይ ዓመት፡ እታ ካልኣይቲ ድማ፡ ተማሃሪት 2ይ ዓመት ኮለጅ ዓዲ ቐይሕ ከም ዘለዋ ሓቢሩ። ወለዲ፡ ምስጢር ዓወት ደቆም ስለ ዝኾኑ፡ ንደቆም ኣብ ትምህርቲ ኮነ ኣብ ካልእ ዓውዲ ምሉእ ግዜን ምክትታልን ሂቦም ኩተባብዕዎም ከኣ ኣዘኻኺሩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ደቡብ ተኻይዱ

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ደቡብ፡ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ተኻይዱ።

ቀዳም 15 ኑሓሰ ውድድር ክራይቴርዩም ደቂ ኣንስትዮ ተኻይዱ። ኣብ 56 ኪሎሜትር ዝሸፈነ ውድድር ከኣ፡ ሳምራዊት ደብሳይ ካብ ደባርዋ ተዓዊታትሉ። ሉልያ ፍስሃ ካብ ደቀምሓረ፡ የሳን ዳዊት ካብ መንደፈራ፡ ዳናይት ሽመንዲ ካብ እምኒሓይሊ፡ ዔና ፍስሃ ካብ ደቀምሓረ ከምኡ'ውን መርሃዊት ክፍለ ካብ ደባርዋ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትየን።

ብውህሉል ነጥቢ ሳምራዊት፡ 24 ነጥቢ ብምእካብ ክትዕወት እንከላ፡ ሉልያ 20 ነጥቢ፡ ዳናይት 11 ነጥቢ ኣዋህሊለን ሰዒበንኣ።

ደቂ ተባዕትዮ፡ 80 ኪሎሜትር ተሰሪዑሎም። ተቐዳዳማይ ደባርዋ ኣሚነዳኣብ ኣለም ቀዳማይ ክኸውን እንከሎ፡ ናኣድ ክፍለን የናታን ኣስመሮምን ካብ መንደፈራ፡ ናኣድ ሃብተጊዮርጊስ - ዓዲቀይሕ፡ ኣማኑኤል ነጋሲ - መንደፈራ፡ ኢዮብ ያሲን ክፍለ - ደቀምሓረ ክሳብ ሻዱሻይ ዝነበረ ደረጃ ሒዞም።

ብውህሉል ነጥቢ፡ ድማ፡ ኣሚነዳኣብ፡ ኣማኑኤልን የናታንን ዕውታት ናይቲ ዕለት ኮይኖም።

ብሰንበት'ውን ደቂ ኣንስትዮ ተመሳሳሊ ርሕቀት 56 ኪሎሜትር ተሰሪዑለን። ሳምራዊት ደብሳይ ካብ ዱባርዋ፡ ቅጽበታዊ ውድድር ተዓዊታ ደጊማ ቀዳመይቲ ኣትያ። ሉልያ ፍስሃ፡ ኣርሴማ ፍስሃዮን የሳን ግርማጼንን ካብ ደቀምሓረ፡ ናታልያ ጉብረመስቀልን የሳን ዳዊትን ካብ መንደፈራ፡ ሰዒበንኣ ኣትየን።

ብደረጃ ጋንታ፡ ደቀምሓረ ብ6 ሰዓትን 17 ደቒቕን ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ መንደፈራ ብተመሳሳሊ ግዜ ካልኣይቲ፡ ደባርዋ ክልተ ካልኢት ድሒራ ሳልሰይቲ ወጺኣን።

ብተመሳሳሊ ደቂ ተባዕትዮ'ውን 80 ኪሎሜትር ተሰሪዑሎም። ኣባል ደባርዋ ኣሚነዳኣብ ኣለም ድማ፡ ደጊሙ ንጆናታን ኣስመሮም - መንደፈራ፡ ያፌት ገዕሽ - ዓዲ ኳላ፡ ኣሚነዳኣብ ርእሶም - ደባርዋ፡ ሻሎም ዓወት - ሰገነይቲ፡ ናኣድ ክፍለ - መንደፈራ ኣኸቲሉ ደጊሙ ቀዳማይ ኣትዩ።

ብጋንታ ብተመሳሳሊ 7 ሰዓትን 10 ደቒቕን፡ ደባርዋ፡ መንደፈራን ዓዲ ኳላን ብቕድመ ተኸተል ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምውጻእ ዝተዳለወለን ሽልማት ወሲደን።

ኣብዚ ውድድር፡ ትሑት ትሕተ ቕርጺ ዘለወን ንኡሳን ዞባታት ጸሮና፡ ዓረዛን ማይ ዓይንን ንፈለማ ግዜ ተወዳዲረን ዘርኣይኦ ናይ ተወዳደርቲ ብቕዓትን መንፈስን ከምኡ እንከለዋ፡ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኳላ ብደቂ ኣንስትዮ ዘይምስታፋ ኣተኩሮ ክወሃቦ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ኣብዚ ውድድር፡ 63 ደቂ ተባዕትዮ ካብ 11 ንኡሳን ዞባታት፡ 23 ደቂ ኣንስትዮ ድማ ካብ 7 ንኡሳን ዞባታት ምስታፎም፡ ወኪል ዜና ዞባ ደቡብ ሓቢሩ።





## ዓንሰባ - ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ትሕቲ 17 ዓመት ተዛዚሙ

ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ትሕቲ 17 ዓመት ዞባ ዓንሰባ ሰንበት 16 ኑሓሰ ኣብ ሜዳ ግራንድ ሆቴል ከረን ተዛዚሙ።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ሓልሓል ንከረን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ከረን ንዒላበርዕድ ሰዒረንኣን።

በዚ ድማ ብደቂ ተባዕትዮ ሓልሓል፡ ዒላበርዕድን ከረንን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዘን ዛዚመን። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ከረን፡ ኣሰማጥን ዒላበርዕድን ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዘን፡ መዳልያ፡ ዋንጫን ማልያን'ውን ተሸሊመን።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ፕረዚደንት ኩዕሶ መርበብ ዞባ ዓንሰባ መምህር ዑቕባይ ሃይለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተሳተፍቲ ንኡሳን ዞባታት ዝርኣይኦ ብቑዕ ጸወታን ደስፕሊንን ዘለዎን ምኻኑ ብምሕባር፡ ትንሳኤ ኩዕሶ መርበብ ዞባና ሃገርና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ኣብ ተኻእሎ ወለዶታት ግራስ ሩት ጸቒጥም ክሰርሑ ከምዝኾኖም ምዝኽኻሩ፡ ወኪል ዜና ናይቲ ዞባ ሓቢሩ።



## ከረን - ቅድድም ብሽክለታ ተሰላሲሉ

ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን፡ ብምኽንያት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሰለስተ ሰናብቲ ዝቕጽል ውድድሩ ዝሓለፈ ሰንበት ፈሊሙ።

ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን ኣብቲ ብሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ዝተዋህበ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ዝተማህሩ ኣሰልጠንቲ ጋንታታት ክሕዙ ብዝተገበረ ዕውት ስራሕ፡ ኣብዚ እዋን ጋንታ ሳልምባ ተመስሪታ ኣብቲ ውድድር'ውን ተሳቲፋ።

በዚ ከኣ ብዝሒ ጋንታታት ናብ ሽውዓተ ክብ ኢሉ (ጋንታ መጉዓዝያ፡ ሬድ ሲ፡ ሻለኩ፡ ገዝ ጥንዱ ሳልምባ፡ ዒላበርዕድን ዓዲተከሌዛንን) ብምህላዉ'ሞ፡ እቶም ናይ ውልቂ ዝነበሩ ተቐዳደምቲ ኣብ ጋንታታት ብምጥርናፎም፡ ኣተባባዒ ዝኾነ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብቲ ዕለት ከኣ፡ 50.4 ኪሎሜትር ኣብ ዝተሰርዓለን ደቂ ኣንስትዮ፡ ደሊና ዳዊት ካብ ሻለኩ፡ ንደቂ ጋንታኣ ሰልቫና ተስፋሚካኤልን ሄራን ሚካኤለን ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ኣትያ። ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብዚ ውድድር፡ ብቕዓተን ዘመሓየሻ ኮይነን ኣብ ሰዓት ዝዀርማኦ ግዜ ድማ ወሲኸናሉ።

ኣብ ማውንቴን ባይክ ምድብ 'ሐ'፡ ፍናን ዘርኣይ - ካብ ገዛ ጥንዳ ቀዳማይ ክኸውን እንከሎ፡ ፍጹም ፍስሃ - ሻለኩ፡ ሙራድ መሓመድ - ገዛ ጥንዳ ሰዒቦሞ ኣትዮም።

ኣብ ምድብ 'ለ'፡ ተቐዳዳማይ ሻለኩ ኢያቤት ጉብረመስቀል፡ ንኣባላት መጉዓዝያ ሓሰን ዓብደልሓሚድን ያሰር መሓመድዑመርን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ። እዞም ዳቪዥን፡ 79.8 ኪሎሜትር ሸፊኖም።

100.8 ኪሎሜትር ኣብ ዝተሰርዓሎም ተቐዳደምቲ ማውንቴን ምድብ 'ሀ'፡ ተቐዳዳማይ ሬድሲ ተማስገን ተወልደ ንኹሎም መወዳድርቱ ብዙርያ ገሊፉ ብሉጽ ዓወት ኣመዝጊቡ።

130.2 ኪሎሜትር ኣብ ዝተሰርዓሎም ተቐዳደምቲ ዳ ኮርሱ፡ ኣባል ሬድሲ - መትከል ደብሳይ፡ ብቕጽበታዊ ውድድር ንደቂ ጋንታኡ መርሃዊ ሓጎስን የናታን ጉብረሂወትን ኣሰዒቡ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ።

እዚ ውድድር፡ ሰንበት 23 ኑሓሰ ካልኣይ መድረኽ ከሰላስል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን ሓቢሩ።

## ሄኖክ፡ ንሓዲሽ ታሪኽ ነቒሉ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ቀዳም 22 ኑሓሰ ኣብ ዝጅምር ቮልታ ስጳኛ (ዙር ስጳኛ) 2026 ክወዳደር እዩ።

ኣስታና፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣብ ዝለጠፎ ስእሊ ተቐዳደምቲ፡ ሄኖክ፡ ምስ ሃሮልድ ታየዱ፡ ሎረንዞ ፎርቱናቶ፡ ዳረን ቫን በኩም፡ ክሪስቲያን ሮድሪገዝ፡ የቭጊኒ ፌዶሮቭ፡ ቪክቶር ላንገሎቲን ኣለክሳንድሮ ሮሜለን ሓቢሩ ክወዳደር ምዃኑ ወግዓዊ ገይሩ።

ሄኖክ፡ ኣብ 2023 ቀዳማይ ናይ ግራንድ ቱር ውድድሩ ኣብ ዙር ኢጣልያ ድሕሪ ምምዋሱ፡ ኣብ 2024 ደጊሙ ኣብቲ ውድድር ዘዊሩ። ኣብዚ ዓመት ድማ፡ ኣብቲ ሓደ ካብቶም ሰለስተ ዝዓበዩ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር ዝኾነ ዙር ስጳኛ ክወዳደር እዩ።

እዚ ማለት፡ ሄኖክ፡ ብዘይካ ኣብ ዙር ፈረንሳ ኣብ ክልተኦም ናይ ግራንድ ቱር ውድድር ዘዊሩ፡ ኣብ ዝቕጽሉ ዓመታት፡ ኣብ ዙር ፈረንሳ ክሳተፍ'ውን ትጽቢት ይግበረሉ።

እዚ ብልዑል ናይ ቃልሲ መንፈሱ ዝልለ ብሉጽ ተቐዳዳማይ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ዙር ሩዋንዳ ዙር ኣዘርባጃንን ዙር ሞሮኮ፡ ፈረንሳ ቺንግዛይን ናይ ነጥቢ ማልያ (ቀጠልያ ማልያ) ምዕዋቱ ይዝከር። በዚ ድማ ዛጊት ኣብዚ ዓመት ሰለስተ ማልያታት ብምውናኑ ካብ ኩሎም ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ጸብለል ይብል።




ኣብቶም ውድድራት ብዘርኣዮ ናይ ሽኳ ዓቕሚ ከኣ፡ ኣብዚ ውድድር፡ ኣብቶም ናይ ጎልጎል መድረኻት፡ ናይ መድረኽ ዓወት ንምምጻእ ተራ ክወሃቦ ይኽእል እዩ። ናይ ምምላቕ (Breakaway) ዕድላት እንተተረኺቡ'ውን ክጥቀመሉ ትጽቢት ይግበር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ዓንተር ቅድድም ብሽክለታ - ታደይ ፖጋቻ ክጻወት እዩ።

ፖጋቻ፡ ኣብ 2019፡ ወዲ 20 ዓመት እንከሎ፡ ንፈለማ ግዜ ኣብዚ ውድድር ተጻዊቱ። ሰለስተ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ፣ ማልያ መንእሰያት'ውን ተዓዊቱ፣ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ግና፡ ሳልሳይ ወጺኡ።

ድሕሪ ናይ ሸውዓተ ዓመታት ምልሶቱ ኣብ ጥርዚ ቁመና ብምህላዉ ድማ፡ ክዕወተሉ ዘለዓለ ተኽእሎ ኣሎ። ምስ ዝዕወተሉ ከኣ፡ ታሽዓተ ተቐዳደምቲ ንሰለስተኦም ግራንድ ዙራት ዝተዓወቱሎም ብምዃኑ ምስ ጃክስ ኣንኩቲል፡ ፊሊስ ጊሞንዲ፡ ኤዲ መርክስ፡ በርናርድ ሂናልት፡ ኣልቦርቶ ኮንታዶር፡ ቪንቾንዞ ኒባሊ፡ ክሪስን ፍሩምን የናስ ቪንገጋርድን ክመዓረረ እዩ።

ኣብ 21 መድረኽ 3275 ኪሎሜትር ዝሸፍን ዙር ስጳኛ፡ 13 መስከረም ክዛዘም እዩ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ኣርሰናል፡ ንተኸላኻሊ ኣስቶን ቪላ - ኢዝሪ ኮንሳ ብልዕሊ 50 ሚልዮን ፓውንድ ክተፈርሞ ተሰማሚዑ።
* ማን ዩናይትድ፡ ንተጻዋታይ ብሬይተን - ካርሎስ ባሌባ ንምፍራም፡ ኣብ ወሊቓዊ ስምምዕ ከምዝበጽሐት ተገሊጹ።
* ኢንተር ሚላን ንኣኸፋፋሊ ሊቨርፑል - ኩርቲስ ጆንስ ንምፍራም ኣብ ስምምዕ በጺሓ።

## ፖግባ፡ ምስ ሞናኮ ተፈላልዩ

ፈረንሳዊ ኣኸፋፋሊ - ፖል ፖግባ፡ ትማሊ ረቡዕ ምስ ክለቡ ሞናኮ ዝነበሮ ውዕል፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከምዝቋረጾ ሓቢሩ።

ፖግባ ድሕሪ'ቲ ኣብ መጋቢት 2025 ዝነበሮ መቕጻዕቲ (ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ወሲድካ ተባሂሉ) ዛዚሙ ናብ ጸወታ ምምላሱ፡ ክሳብ ሰ 2027 ዝጸንሐ ውዕል ፈሪሙ፡ ናብ ሞናኮ ተሰጊሩ።

ይኹን እምበር፡ ክንዮ ሽዱሽተ ግጥማት (ሓሙሽተ ሳብ ተቐይሩ እዩ ኣትዩ) ኣይተጻወተን። ትማሊ ከኣ፡ ውዕሉ ኣቋሪጹ፡ ናጻ ተጻዋታይ ኮይኑ ምህላዉ ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ እዋን ልምምድ መጉዳእቲ ዘጋጠሞ ወዲ 33 ዓመት - ፖግባ ካብ ክለባት ሜጀር ሊግ ኣመሪካ ከምኡ'ውን ስዑዲ ዓረብ ተጉዳስነት ረኺቡ ኣሎ - ከም ጸብጻብ ጋዜጣ በበሰ።



## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ (ኣብ ስታድዮም ከረን)**

ኣቑርደት - ኣልነስር 1፡30 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ኣልታሕሪር 3፡30 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካን ደ/ኮርያን፡ ንሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምደን ኣሕጺረንኦ



ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ንውሑት ግዜ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዝጀመራኦ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ብትእዛዝ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ መሰረት ከም ዘሕጸራኦ ተሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ እተን ሃገራት፡ ነቲ ዓመታዊ ዘካይዳኦ ሓባራዊ ልምምድ፡ ካብ 11 መዓልታት ናብ ሓሙሽተ መዓልታት ከም ዘጉደላኦን፡ 21 ነሓሰ ድማ ከዛዝምኦ ምኳነን፡ ደቡብ ኮርያ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘለኦ ሓበሬታ ኣረዲኣ።

ብዘይካ'ዚ፡ እተን መሻርኽቲ ሃገራት፡ ነቲ ድሕሪ ቀዳማይ ገጽ ናይ'ቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ወጢኸንኦ ዝነበራ ናይ ጸረ መጥቃዕቲ ልምምዳት ዝጠቓልል ካልኣይ ገጽ ልምምድ ንምስራዝ ይሰርሓ ከም ዘለዋ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ኣህን ግዩ-ባክ ገሊጹ።

ሓደ ወተሃደራዊ በዓል ስልጣን ኣመሪካ ንኣገልግሎት ዜና ሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ ክፍሊ ምክልኻል ሃገሩ ነቲ ልምምድ ናይ ምሕጻርን ምስራዝን ስጉምቲ ዝወሰደሉ ምኽንያት፡ ድሉውነትን ዕጥቃታት ስልጠናን ንምዕቃብ ምኳኑ ሓቢሩ።

እዚ ሓድሽ ምዕባለታት፡ ትራምፕ ምስ መራሒ ሰሜን ኮርያ ከም ጆንግ ኡን ኣዝዩ ጽቡቕ ዝምድና ከም ዘፈጠረ ትማሊ ሰንበት ድሕሪ ምግላጹ እዩ ዝስዕብ ዘሎ።

ብተወሳኺ፡ ትራምፕ፡ ንውሑት ግዜ ናይቲ ልምምድ ከም ዝኸደ ዝገበረ፡ ደቡብ ኮርያ ኣብ ልዕሊ ኢራን ክኸይድ ኣብ ዝጸንሐ ኲናት ምስ ኣመሪካን እስራኤልን ምትሕንባር ብፍላይ ክሕግዝ ከም ዘኽእል፡ ዝተፈላለዩ ወገናት ይሕብሩ።

## ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን እገዳ ኣንቢራ

ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኢራን ክልተ ባሊስቲካዊ ሚሳይላት ከም ዝተኮሰትላ ብምኽሳስ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ንዘይተወሰነ እዋን ጸኒዑ ዝጸንሕ ንግዳዊ እገዳ ኣንቢራ ምህላዋ ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ እገዳ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ንሰላምን ጸጥታን ናይቲ ዞባ ዘዳኽም ምዕባለታት ምላሽ ንምሃብ ተባሂሉ ከም እተወሰነ ኣረዲኡ።



"ኩሉ ምስ ኢራን ዝኸይድ ንግዳዊ ልውውጥን ፊናንሳዊ ንጥፈታትን ክሳብ መንግስቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ተወሳኺ ሓበሬታ ዘውጽእ ደው ኢሉ'ሎ፡" ክብል እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ገሊጹ።

እቲ ሚኒስትሪ ዝኾነ መግለጺ ዘይሃበ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ካብ ኢራን ክልተ ባሊስቲካዊ ሚሳይላት ከም ዝተተኮሳ፡ እቲ ሓደ ካብ ማያዊ ግዝኣት ናይታ ሃገር ወጻኢ ከም ዝወደቐ፡ እቲ ካልኣይ ግን ኣብ ውሽጢ ዶብ ናይ'ታ ሃገር ከም ዝዓለበን ዝሕብር መግለጺ ድሕሪ ምውጻኡ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን እስማዒል ባጋይ፡ ነቲ ክሲ "መሰረት ዘይብሉ ጠቕዒ" ክብል ነጺግዎ ኣሎ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ መግለጺ፡ ንመትከል ሰናይ ጉርብትናን ሃገሩ ዝጸረር ከም ዝኾነ ብምጥንቓቕ፡ ንዕኡ ዘቃልዕ ቅንዕና ዘለዎ ገምጋም ክኸይድ ኣተሓሳሰበ።

## ኢንዶነዥያ - 2.6 ቶን ዝምዘን ዕጸ ፋርስ ኣብ ቀጽጽር ውዒሉ

መንግስቲ ኢንዶነዥያ፡ ጥንዴራ ታንዛንያ ኣብ ተንበልባሊ ዝነበረት መርከብ ተሓቢኡ ናብ'ታ ሃገር ክኣቱ ዝተሓሰበ 2.6 ቶን ዝምዝን ፈሳሲ ሜታምፌታሚን ዝዓይነቱ ዕጸ ፋርስ ኣብ ቀጽጽር ከም ዘውዓለ፡ ሓደ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ምክልኻል ዕጸ ፋርስ ናይ'ታ ሃገር ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብታ መርከብ ዝጸንሑ 10 ሰባት ኣብ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ፡ እቲ በዓል ስልጣን ወሲኹ ኣፍሊጡ።



ሃገራዊ ትካል ምክልኻል ዕጸ ፋርስ ኢንዶነዥያ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እታ ካብ ማሌዥያ ብባሕሪ ኣንዳማን ኣቢላ እትገዓዝ ዝነበረት መርከብ፡ ዕጸ ፋርስ ሒዛ ናብ ኢንዶነዥያ ክትኣቱ ከም እትኽእል፡ ኣቐዲሙ ስለያዊ ሓበሬታ ከም ዝበጽሖ ሓቢሩ።

እቲ ትካል ምስ ሓለፍቲ ገምሩክ ብምውህሃድ ኣብ ዝገበሮ ሓባራዊ ስርሒት፡ ነታ ብናይ ሓሶት ስም እትገዓዝ ዝነበረት መርከብ ኣብ ኣውራጃ ሪያው ምስ በጽሐት ከም ዝዓገቶ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ኣብታ መርከብ ዝበተኾበረ መርመራ፡ እቲ ሜታምፌታሚን ኣብ በራሚልን ታንክራትን ተዓቂቡ ከም እተረኽበ ተሓቢሩ።

ኢንዶነዥያ፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓለምና ዝተረረ ሕግታት ጸረ ዕጸ ፋርስ ዘለወን ሃገራት ኮይና፡ ኣብ ልዕሊ ኣሰጋገርቲ ሓሽሽ ክሳብ ናይ ሞት ፍርዲ ዝጸንሕ ሕጊ ከም ዘለዋ ይንገር።

## ሩስያን ዩክሬንን፡ ምሩኻት ኲናት ተለዋዊጠን

ሩስያን ዩክሬንን ነፍሲ ወከፈን ልዕሊ 100 ምሩኻት ኲናት ከም እተለዋወጣ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ብማሕበራዊ መራኸቢታት ኣቢሉ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "103 ወተሃደራት ሩስያ ካብ ዩክሬን ተመሊሶም ኣለዉ። ኣምሳያኦም ድማ 103 ዩክሬናውያን ምሩኻት ኲናት ናብ ሃገሮም ተሰጊሮም ኣለዉ" ኢሉ።

እቶም ዝተመልሱ ኣባላት ሰራዊት ሩስያ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ቤላሩስ ከም ዝርከቡን፡ ኣብኡ ድማ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ሕክምና ይረኽቡ ከም ዘለዉ፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ ምልውዋጥ ናይ ምሩኻት፡ ብመንገኛነት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ዝተኻየደ ምኳኑ፡ መግለጺ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ኣረዲኡ።

ሩስያን ዩክሬንን ዋላ'ኳ ኣብ ቀጻሊ ደማዊ ግጭት ተጸሚደን ይሃልዋ፡ ብተደጋጋሚ ግዜ ግን ምሩኻት ኲናት ከም ዝለዋወጣ ይፍለጥ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰ/ ኣብ ዝተወሰደ ተመሳሳሊ ስጉምቲ፡ ክልቲኤን ሃገራት ነፍሲ ወከፈን 160 ምሩኻት ብመንገኛነት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ከም ዝተለዋወጣ ኣይርሳዕን።

ብዘይካ'ዚ፡ ሩስያን ዩክሬንን ሬሳ ኣብቲ ኲናት ናይ ዝተቐትሉ ወተሃደራተን ምልውዋጥ ቀጺለን ከም ዘለዋ ይሕበር።



## ኮሎምብያ - ቍጽሪ ግዳያት ምንቅጥቃጥ መሬት ወሲኹ

ቁጽሪ ናይቶም ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኮሎምብያ ብዘጋጠመ 7.4 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ መሬት ዝሞቱ ሰባት 312 ከም ዝበጽሐ፡ ቁጽሪ ቁሱላት ድማ ናብ 4,611 ክብ ከም ዝበለ፡ ሰበ ስልጣን ናይ'ቲ ከባቢ ትማሊ ሰሉስ ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ 290 ካልኦት ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም ገሊጾም።

ኣብ ምድሓን ህይወት ዝሰርሑ ሃገራውያንን ዓለም-ለኻውያንን ጉጅለታት፡ ነቶም ደሃዮም ዝጠፍኣ ሰባት ንምድላይ ጻዕርታት የካይዱ ከም ዘለዉ፡ ክሳብ ሕጂ ካኣ 358 ሰባት ከም ዘድሓኑ ይገልጹ።

ሃገራዊ ኣሃዱ ምሕደራ ሓደጋ ናይ'ታ ሃገር ከም ዝሓበሮ፡ በቲ ምንቅጥቃጥ መሬት 277 ዓበይቲ ህንጻታት ምሉእ ብምሉእ ክፈርሱ እንከለዉ፡ ኣስታት 30 ሽሕ መንበሪ ኣባይቲ ድማ ጉድኣት ወሪዱዎም ኣሎ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኮሎምብያ፡ ልዕሊ 220 ቶን ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ'ታ ሃገር ከም ዝኣተወ፡ 144 ዓለምለኻውያን ክኢላታት ድማ ኣብ ህጹጽ ረድኤት ይሳተፉ ከም ዘለዉ ገሊጹ።

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ዝተጸልዉ ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር፡ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ዝተሃስየ ከባቢታት ኣብ ዝርከብ ግዜያዊ መዕቆቢታት ኣጽሊሎም ከም ዝርከቡ ይፍለጥ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 20/08/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565